ሓዳስ ኤርትራ

The State of ERITREA

መበል 23 ዓመት ቁ. 327 24 ሓምለ 2014 ገጻት 12 ዋጋ 1.00 ናቕፋ

ሓሙስ

ገጽ 3
"ሓደ ሰብ ክንዲ 10 . . ." ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ


ገጽ 4
ደርፍታት ሜዳ ብዓይኒ ሞያዊ


ገጽ 8
እታ ምክሕቲ

ገጽ 8
ሲንጋፖር - ካብ ሳልሳይ ዓለም ናብ ቀዳማይ ዓለም


ገጽ 11
መስመር ምጥቃዕ ሪያል ማድሪድ፡ ድሕሪ ሮድሪገዝ 275 ሚልዮን ፓውንድ ተተሚኑ


# ንምሕደራን ምዕባለን ሕሩም ሕዛእቲን ስነ-ሂወታዊ ብዙሕነትን ዝምልከት ዓውደ-ዘተ ተቓኒዑ





ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን፡ ንምሕደራን ምዕባለን ሕሩም ሕዛእቲን ስነ-ሂወታዊ ብዙሕነትን ብዝምልከት፡ ኣብ ምርቃቕ ፖሊሲ ዕቃበ፡ ምውህሃድ መሻርኽቲ ኣብ ዕቃበ ኣከባቢን ካልእ ምስኡ ዝተሓሓዝ ኣርእስታትን ዘዘተየ ዓውደ-ዘተ፡ ብ22 ሓምለ ኣብ ኣስመራ - ኣዳራሽ ሆቴል እምባሶይራ ኣቃኒዑ።

ኣብ መኽፈቲ ናይ'ቲ ዓውደ-ዘተ፡ ኣብ ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ኣከባቢ ኣቶ ሞገስ ወልደየሱስ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ሕሩም ሕዛእቲ ኣብ ኤርትራ ሓደሽቲ ከምዘይኮኑ፡ እንተኾነ ግን ምስ ግዜ ምምዕባሉን ብውርጹጽ ትካላዊ ኣሰራርሓን ሕጋዊ ድጋፍን ምምዕባሉ ኣገዳስነቱ፡ ዕዙዝ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ እቲ ዓውደ-ዘተ ነዚ ዝዓለመ ምዃኑ ገሊጹ።

ንትካል ልምዓት ውድብ ሕቡራት ሃገራት (UNDP) ወኪላ ቃል ዘስመዐት ሚስ ሮዝ ሴባቲንድራ ብወገና፡ ኤርትራ ኣብ ዓለም ፍሉይ ዝኾነ ትሕዝቶ ኣከባብን ስነ-ሂወታዊ ብዙሕነትን ዝተዓደለት ሃገር ምዃና ብምጥቃስ፡ እዚ ፍሉይ ጸጋ ብዕቱብ ምሕደራን ኣተሓሕዛን ክትከናኸኖ፡ ካብኡ ሓሊፉ ድማ ከተህብትሞ ከምዝኾነ ኣገዚባ።

ዕቃበ ኣከባቢ ብዓለም ደረጃ ልዑል ኣተኩሮ ተዋሂብዎ ዝስራሓሉ ጉዳይ ምዃኑ ዝጠቐሰት ሚስ ሮዝ፡ መንግስቲ ኤርትራ ንዝሰላሰሎ ምስ ዕቃበ ኣከባቢ ዝተኣሳሰር ንጥፈታት፡ ውድባ ዘይተቖጠበ ደገፍ ክገብር ድልውቲ ምዃኑ ኣረጋጊጻ።

ኣብ'ቲ ዓውደ-ዘተ፡ ብዛዕባ ንፕሮጀክት ምዕቃብ ሂወታዊ ብዙሕነትን ምውጋድ ምድኻይ መሬትን፡ ኣገባብ ክትትልን ገምጋምን ናይቲ ፕሮጀክት፡ ከምኡ'ውን ተራን ሓላፍነትን መሻርኽቲ ኣካላት ኣብ'ቲ ፕሮጀክት ዝምልከት መብርሂታት ብክኢላታት ክወሃብ እንከሎ፡ ተሳተፍቲ ክትዓትን ዘተን ኣካዪዶምሉ።

# ዞባ ዓንሰባ፡ ኣልማዕቲ ኣሕምልትን ፍረታትን ቀረብ ብምዕባይ ጠለባት ዕዳጋ ንምምላእ ብዝለዓለ ይሰርሑ ከምዘለዉ ሓቢሮም

ብሰንኪ ምንቅልቓል ምህርቲ ኣብ ዕዳጋ ዝርአ ዘሎ ክብሪ ዋጋ ኣሕምልትን ፍረታትን ንምቑጽጻርን ጠለባት ህዝቢ ንምምላእን ጻዕርም ከምዝሐየሉ፡ ኣቦ መንበር ማሕበር ኣሕምልትን ፍረታትን ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ኣርኣያ ተድላ ሓቢሩ።

ኣድማዕነት ኣልማዕቲ ምስ ስፍሓት መሬቶምን ህላወ ማይን ከምዝተኣሳሰር ዝጠቐሰ ኣቶ ኣርኣያ፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ሰለስተ ዓመታት ብሰንኪ ሕጽረት ማይ ብርክት ዝበለ ኣትክልቲ ፍረታት ከምእተቖርጸ፡ ንዕኡ ዝትክእ ስለዘይተተኽለ ድማ ንዋጋታት ብኣሉታ ከምዝጸለዎ ብምግላጽ፡ ብመንገዲ ማሕበር ተኻእቲ ኣግራብ ከምዝተኸሉ ይግበር ከምዘሎ ኣረዲኡ።

ሎሚ ዓመት ልዕሊ ሸሞንተ ሽሕ ኩንታል ፍረታትን ልዕሊ 55 ሽሕ ኩንታል ኣሕምልቲን ኣብ ዕዳጋ ከምዝቐረበ ዝሓበረ ኣቶ ኣርኣያ፡ ማሕበር ንኣባላቱ ብምትብባዕ ምህርቲ ክብ ንምባል ብዝካየዶ ዘሎ ጻዕሪ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ከርከበት ንዝርከቡ ኣልማዕቲ ልዕሊ 200 ሽሕ ተኽሊ ማንጉስ ክዕደሎም መደብ ከምዘሎ ኣፍሊጡ።

ማሕበር ኣልማዕቲ ኣሕምልትን ፍረታትን ዞባ ዓንሰባ ኣስታት ሓደ ሽሕ ኣባላት ከምዘለውዎ፡ ዓቕሞም ንምብራኽ ድማ ምስ ኣብ መላእ ሃገር ዘለዋ ማሕበራት ኣልማዕቲ ጀራዲን ተመኩሮ ንምልውዋጥ ይስራሓሉ ከምዘሎ ብምብራህ፡ ኣባላት ዘለዎም ትሕተ-ቅርጺ ሕርሻ ንምሕዳስን ንምምዕባልን ብሓላፍነት ክሰርሑ ኣዘኻኺሩ።

ኣባላት ማሕበር ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ብልዑል ጻዕርም ዝውንንዎ ኣትክልቲ ኣብ ደረጃ ፍረ በጺሑ ጽቡቕ ምህርቲ ሓዚሉ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ቀረብ ብምዕባይ ጠለብ ንምምላእ ኣብ ዘካይድዎ ስራሕ፡ ናይ ልቓሕ ዕድላትን ካልእ መሰረታዊ ጠለባትን ክፍታሓሎም ተላብዮም።

# ማሕበር ኣፍረይቲ ጸባ ሰንዓፈ፡ ምህርቱ ንምስሳን ብዕቱብ ይሰርሕ ከምዘሎ ገሊጹ

ማሕበር ኣፍረይቲ ጸባ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ፡ ውሕስነት ሓምላይ መግቢ እንስሳ ብምርግጋጽ ምህርቱ ንምስሳን ብዕቱብ ይሰርሕ ከምዘሎ፡ ኣባላቱ ገሊጾም።

ኣቦመንበር ማሕበር ኣቶ ወልደኣብ ተስፋማርያም ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ብሰንኪ ሕጽረት መግቢ እንስሳን ሕጽረት መዕቀቢ ናይ ጸባ ከብቲን፡ ቀረብ ማሕበርም ንዘሎ ጠለብ ዘማልእ ከምዘይጸንሐ ብምሕባር፡ ኣብዚ እዋን ግን ቁጽሪ ዝውንኖ ከብቲ ብምውሳኽ ንዘበረ ሕጽረት ጸባ ብመጠኑ ከምዝፈትሖ ኣረዲኡ።

እተን ዘለዋ ናይ ጸባ ከብቲ ንዕኣን ዝበቅዕ መዕቀቢ ስለዘይረኸባለን ወሃንቲ ንዝዙተወልዳ ይሸጥወን ብምህላዎም፡ ጠለብ ህዝቢ ምሉእ ብምሉእ ክምላእ ከምዘይከኣለ ብምጥቃስ ድማ፡ ማሕበር ብዘለዎ ንኣሸቱ ጸገማት ክይተዓንቀፈ ንለውጢ ይሰርሕ ከምዘሎ ኣገዚቡ።

"ኣብ ዕበየት ምህርቲ ጸባ፡ ውሕስነት መግቢ እንስሳ መሰረታዊዩ" ዝበለ ሓላፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣብ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ መንእሰይ ሃብቶም ተኽሉብርሃን፡ ኒ ኒ'ቲ ኣብ ልዕልን ታሕትን ዲጋታት ዝለምዕ ዘሎ ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ንፍሲ-ወከፍ ኣልማዒ 10 ሚእታዊት ናይ ጀርዲኑ ሓምላይ መግቢ እንስሳ ንኸልምዓሉ ብመደብ ይሰራሓሉ ከምዘሎ ኣረዲኡ።

"እተን ናይ ጸባ ከብቲ ንዕኣን ዝተፈልየ ቦታ ስለዘይብለን፡ ኣብ መንበሪ ኣባይቲ ይዕቀባ ስለዘለዋ ብቑዕ ክንክንን ጽሬትን ይረኽባ የለዋን" ዝበለ መንእሰይ ሃብትኡ፡ እዚ ንምህርቲ ጸባ ብኣሉታ ስለዝጸልዎ፡ ዝምልከቶ ኣካል ካብ ወሽጢ ከተማ ወጻኢ ውሑስ መዕቀቢ ዝረኽባሉ መገዲ ክፈጥር ጸዊዑ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ፡ ብ83 ኣባላት ማሕበር ዝውነና 174 ጎቢይ፡ 16 ሓመርያን 75 ባርካን ናይ ጸባ ከብቲ ከምዘለዋ፡ ሰነዳት ጨንፈር ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣብ ንኡስ ዞባ የመልክት።

# ቅያ ናብ ዝተፈጸመሉ ግንባራት ዝግበር ዑደት፡ ንመንእሰያት ረዚን ሓላፍነት ዘሰክም ምኻኑ፡ እግሪ-መኸል ዝበጽሑ መንእሰያት ዞባ ማእከል ገሊጾም

ቅያ ናብ ዝተፈጸመሉ ግንባራት ዝግበር ዑደት፡ ንመንእሰያት ረዚን ሓላፍነት ዘሰክም ምኻኑ፡ ኣብ ወርሒ መጋቢት 1999 ወራሪ ሰራዊት ወያነ ኣጸዋሩን ዝተሓምሸሸሉ እግሪመኸል ዝበጽሑ መንእሰያት ዞባ ማእከል ገሊጾም።

ኣቶም ኣስታት 200 መንእሰያት ንኡስ ዞባ ማእከል ከተማን ሸሞንተ ኣዕሩኽ መንእሰያትን ብዘዕበ ዝተፈጸመ ቅያ ኤርትራዊ መንእሰይ መብርሂ ዝሃበ ኣዛዚ ብርጌድ፡ ዝርዝራዊ ሓበሬታ ብዘዕበ ጅግንነታዊ ውዕሎ ድሕሪ ምቅራብ፡ እግሪመኸል ከም ኩሎም ግንባራት ናይ ጉዳእ ርእሱ ፍሉይ ቅያን ጅግንነትን ሓቚፉ ከም ዝሓለፈ ጠቒሱ፡ ነዚ ብጀጋኑ መንእሰያት ዝተፈጸመ ረዚን ታሪኽ ብምውራስ፡ ልኡላውነታ ዝዕቀበት ሕፍርትን ክብርትን - መጻኢ ወለዶታት ዝሕበሩላ ሃገር ምህናጽ፡ ናይዚ ዘሎ ወለዶ ሓላፍነት ከም ዝኾነ ኣስሚሩሉ።

"ዓውዲ ታሪኽ መንእሰያት ኤርትራ፡ ኪ.ጋጾ ብእዝንና ምስማዕ ብዓይንና ክንርእዮ ምብቃዕና ዕድለኛታት ኢና" ዝበሉ'ቶም መንእሰያት፡ ነቲ ቅያ - ኣቦ'ቲ ሰፊር ጀጋኑ፡ ብቓል'ቶም ፈጻምቱ ብተማሰጠ ከም'ኣተኸታተልዎ ብምሕባር፡ ሕድሪ ጀጋኑ ንምፍጻም ድልውነቶም ኣረጋጊጾም።

ሓላፊ ሃማመተኤ ኣብ ንኡስ ዞባ ማእከል ከተማ መንእሰይ ኣብርሃም ፍስሃየን ካብ ነርቲ'ቲ ንኡስ ዞባ ወይዘሮ ንግስቲ ጉብረሚካኤልን ድማ፡ ታሪኹ ዝፈልጥን ክብርታቱ ዝዕቅብን መንእሰይ፡ ሞያረ ሃገራዊ መደባት ምኻኑ ብምጥቃስ፡ ናብ'ቲ ግንባር ዝተኻየደ ምብጻሕ፡ ኣብ ምምእዛን'ቶም መንእሰያት ዓቢ ግደ ከም ዝለዎ ኣረዲኦም።

ተሳተፍቲ ኣብ መውዳእታ፡ መንእሰያት ንታሪኽ ጅግንነት ኣብ ቦታ ፍጻመ ከይዶም ንኽርእዩ ከምዚ ዝበለ ዑደት ብቐጻሊ ክውደብ ብምዝኽኻር፡ ታሪኽ ብወዓልቱ ክግለጽ እንከሎ ዝያዳ ስለዝሕይል፡ ሰራሕቲ ቅያ ውዕሎኦም ክነፍሉ፡ መንእሰያት ድማ ከም ወረስቲ ሀንጡይነት ክህልዎም ተላቢዮም።



## ዓረዛ፡ ልዕሊ ሰለስተ ኩንታል ዕለቱ ዝሓለፈ ሃለኽቲ ተቓጺሉ

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓረዛ ኣብ ዝርከባ ትካላት ብዝተኻየደ ተፍትሽ ዝተረኽበ ልዕሊ ሰለስተ ኩንታል ዕለቱ ዝሓለፈ ሃለኽቲ፡ ኣብ ቅድሚ ዝምልከቶም ኣካላት መንግስትን ሰብ ትካላት ንግድን ተቓጺሉ።

እቲ ኣብ ማይ-ድማ፡ ዓረዛ፡ ዓዲ-ገርዮ፡ ገረህላሰን ጉዱድንገርን ኣብ ዝሰጥፋ ትካላት ንግዲ ዝተረኽበ ሃለኽቲ፡ ከም በሽኮቲ፡ ቈጸሊ-ሻሂ፡ ዘይቲ፡ ማስቲካ፡ ጥሕኒ፡ ሳልሳ፡ ጸባን ካራመላን ኮይኑ ኣብ ሕጊ ዝተኸልከለ ረቂቕ ፈስታልን ካልእን ከም ዝጠቓለለ ዝሓበረ ወከል ሚኒስትሪ ንግድን ኢንዱስትሪን ኣብቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ የማነ ኪዳን፡ ሰብ ትካላት - ዕለቱ ዝሓለፈ ሃለኽቲ ኣብ ጥዕና ወዲ-ሰብ ዘስዕቦ ጥዕናዊ ሓሰያ ተገንዚቦም፡ ካብ ምሕዛን ምሻጥን ክቑጠቡ ኣዘኻኺሩ።

ሓላፊ ቀጠባዊ ልምዓት ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ዓንደም ዞሚከኤል ብወገኑ፡ እቲ ብኣሃዱ ኮሚቴ ምቁጽጻር ዝተረኽበ ንብረት ንጥዕና ሓደገኛ ምኻኑ ብምጥቃስ፡ ነጋዶ ዕለት ናይ ዝሸጥዎ ንብረት ከረጋግጹን ብኸምኡ ናብ ተጠቀምቲ ክሸጡን ብምልባው፡ ተጠቀምቲ ድማ ዕድመ ናይ'ቲ ዝገዝእዎ ሃለኽቲ ኣንቢቦምን ተወኪሶምን ክዕድጉ መኺሩ።

ዕለቱ ዝወደቐ ሃለኽቲ ጥዕናዊ ሳዕቤናቱ ከቢድ ምኻኑ ዝሓበረ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ዓረዛ ኣቶ ዓንደማስቀል ኣድሓኖም ድማ፡ እዚ ተወሲዱ ዘሎ ናይ መጀመርታ ስጉምቲ'ምባር ናይ መወዳእታ ከም ዘይኮነ ብምጥቃስ፡ ነጋዶ ብሓፈሻ ሰብ ድኳናት ድማ ብፍላይ ኣብ ምግዛእን ምሻጥን ሃለኽቲ ልዑል ጥንቃቐ ክገብሩ ተላቢዩ።

## ኣብ ግዝግዛ ዝወቐዐ ብርቱዕ ዝናብ፡ ኣብ ሰብን ጥሪትን ጉድኣት ኣውሪዱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሓመልማሎ - ምምሕዳር ከባቢ ግዝግዛ ብ18 ሓምለ ዝወቐዐ ብርቱዕ ዝናብ፡ ኣብ ሰብ፡ ጥሪትን ሕርሻን ከቢድ ጉድኣት ከም ዘውረደ፡ ኣመሓዳሪ ናይቲ ከባቢ ኣቶ መሓመድ እድሪስ ኣሕመድ ሓቢሩ።

በቲ ብርቱዕ ዝናብ፡ ኣብ ጉሰነት ዝተዋፈሩ ክልተ መንእሰያት ብውሕጅ ተወሲዶም ከም ዝሞቱ፡ ኣቶ መሓመድ እድሪስ ገሊጹ።

ብዘይካዚ፡ 47 ጠሉብጠዕ ብውሕጅ ከም'ተወስዱ ተፈሊጡ።

ኣብ ሕርሻ ብዘወረደ ዕንወት ድማ፡ 36 ሄክታር ኣብ ጉሰያ ዝበጽሐ ዘራእቲ ከም'ተደምሰሰ፡ ብዝወሃኸ ኣረዲኡ።


መዓልታዊት ጋዜጣ

ኣሰናዳኢ
ሳምሶን ሃይለ
saha@zena.gov.er
ቍ.ስ 116266/201820(2220)

ም/ኣሰናዳኢ
ብንያም ፍስሃጽዮን
bife@zena.gov.er
ቍ.ስ 201820(2217)
ፋክስ፡ 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247
hadas@zena.gov.er

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ. 200454

ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

ለይ-ኣውት
ኤደን ሃብተኣብ
ኑብያት ጸጋይ
ሳምራዊት መለስ
ዮሃንስ ሃይለ
ምስጋና ተዓገስ



## ሓጺር መልእኽቲ ብዛዕባ ሕማም ዓሶ

ሕማም ዓሶ ካብ ሕማም ዓሶ ዝሓመመ ሰብ ናብ ጥዑይ ሰብ ብመንከሲቲ ኣናፈልስ ዝተባህለት ኣንስተይቲ ጣንጡ ኣቢሉ ዝመሓላለፍ ሕማም ኢዩ።

ቀንዲ ምልክታት ወይ ስምዒታት ሕማም ዓሶ ድማ፡

- ቊሪቊሪ የብል
- የንቀጥቅጠካ (ጉበኢ ይሕዞካ)
- ርእሲ የሕምም
- ሸውሃት ይዓጹ ማለት ናይ ምብላዕ ድሌት ኣይህልዎን
- ድሕሪ ብርቱዕ ረሃጽ የርህጽ
- ይቑርጥመካ (መብዛሕትኡ ኣብ መላግቦታትን ጭዋዳታትን)
- ዝኸፍኡ ዝስተኻዩን የምልሶካ . . .ወዘተ።

ስለዚ ዝኾነ ሰብ እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ ምልክታት ወይ ስምዒታት ኣብ ነብሱ ይኹን ኣብ ስድራቤቱ ምስ ዝስዕብ ተቐላጢፉ ኣብ ከባቢኡ ናብ ዝርከብ መደበር ጥዕና ቀሪቡ ዘድሊ መርመራ ብምግባር ብግቡእ መድሃኒት ሕማም ዓሶ ወሲዱ ክፍወስ ይግባእ።

ሚኒስትሪ ጥዕና

ስነ-ጥበብ

ጥዑምዝጊ ተስፋይ

# ደርፍታት ሜዳ ብዓይኒ ሞያዊ

***ከም'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ሕታም ዝዘከርናዮ፣ ኣብ'ታ ወይናይ እትብል ደርፊ ጓል ኣሽረ - ኣመና ሳለሕ ዝኸኣ ቅኒት ብዘፈታዊ ድሃይ እያ እትወዳ። እቲ ሜሎዲ ብቓንን (ፒች) ናይ ጊርጊጸ ዝተደርሰ ይመስል. . .?***

ብርግጽ ተራ ናይ'ቲ ሜሎዲ እውን ኣሎ። ጽባቐ ድምጺ፣ ምስ ኣደራርሳን ኣካይዳን መዚቃ ተጣሚሩ ጽባቐ ፈጢሩ። ኣብ ደርሰት ብኸመይ ትኣቱ ከመይ ገይርካ ትጸሑ. . . ዝብሉ ሕቶታት ብጊዜኡ እንተ ተመሊሶም ሓደ ጫታ ናይ ጽባቐ እዩ። ብኸራር ጥራይ ዝጽወቱ ናይ ዑቕባጋብር ደርፍታት'ውን ናይ ገዛእ ርእሶም ጽባቐ ዘለዎም ቀለልትን ባህላውያንን እየም።

ብሓፈሻ ኣብ ሜዳ ዝፈረዩ ደርፍታት ወይ መዚቃ፣ ናይ ገዛእ ርእሱ ብልሒ፣ ፈጠራ፣ ኣካይዳን ኣደራርሳን ነይሩዎ። ኣብ ገለገለ ምልክት መስርሒ መዚቃ ከም ዝጎደሎ ተስተብሂል ኢኻ፣ ገለ ካብ ህርመት ሽተት ዝብሉ መዚቀኛታት እውን የጋጥሙ እየም። እዚ ግን ባህርያዊ እዩ። ንክራት ኣብ ከመይ ኩነታት? መዓስ? ኣብ ከመይ ዝበለ ባይታ. . . ? እናበልካ ብዝምዝዲ ኢኻ ክትርእዮም ዘለኻ። ብጸኑብ እንጽዕማዝን ግን ብሉጽ ሸነኻት ኣለዎ።

ኣብ'ዚ ዘለናዮ እዋን ብዝምዝዲ ጥጡሕ ባይታ፣ ምዕቡል መስርሒ መዚቃን ስቱድዮታትን እናሃለዉ መዚቃ ሃገርና ስለምንታይ ከፊኡ ክውንጨፍ ዘይከኣለ? ዝብል ሕቶ ኢኻ እተልዕል። ብወገነይ ክርእዮ ከለኹ፣ ካብ'ቲ ኣብ ሜዳን ኣብ ስሳታትን ዝተደርፈ ደርፍታት፣ ኣብ'ዚ ናይ ሕጂ ደርፍታት ዘሎ ሃጓፍ ደብዚሑ። ምስ ህሉው ምዕባለን ዕድልን ካብ'ዚ ዘለዎ ብዓሰርተ ዕጽፊ ክውንጨፍ ምተገብኡ። እዚ ዘለናዮ ግዜ እውን ናይ ገዛእ ርእሱ ብድሆታት የብሉን ማለተይ ኣይኮነን። ንመዚቃ ከማዕብል ዝኽእል ባይታ ተረኺቡ ደዩ? ኣብ ዝብል ሕቶ'ውን ሓደ ሃጓፍ ኣሎና። ብቐንዱ ድማ ናብ ገዝአብ ጥራይ ምጉያይ ሃሰዩና እዩ። ካልኦት ዝሰዩና ጠንቅታት እውን ኣለዉ። ሓያሎ ሓያላትን ስብ ተወሂቦን ደረፍቲ ከም ዘለዉና ኣይከሓድን። ሓያሎ ድማ ኣብ ስቱድዮ ኣትየም ንጽል ደርፊ የሕትሙ፣ ኣብ ሰክረን ተራእዮም 'ደረፋይ' ምስ ተባህሉ ታሪኽ እናበልካ ምኻድ ዝረአዮም እምበር፤ መዚቃ እንታይ'ዩ? ብኸመይ ይድረስ? እንታይ ዓይነት መስርሒ መዚቃ የድሊ? ኣሮ ብኸመይ ይምዕበል?. . . ዝኣመሰለ ምስጠራት ናይ መዚቃ ዝፈልጥዎ ኲዩኑ ኣይሰማንን። ኣብ ሓደ ሃገር ጥራይ ኣቋሚትካ 'ከመይ ገይረ መርዑ መርዓ ከይደ ተጻዊተ ገዝአብ እሓፍስ' ምባል በዚሑ። ወላ እቶም ደረስቲን ኣወሃሃድቲን እየም ተሓመዩ። እዚ ስነ ጥበባዊ ስራሕ ኣይኮነን። ስነ ጥበብ ካልእ እዩ። ስራሕካ ገዝአብ ምርካብ ሓጥያት ኣይኮነን። ግና ንገዝአብ ኢልካ ዘይኮነስ ንጥበብ ኢልካ ክትሰርሕ ኣለካ። ጽቡቕ ስራሕ እንተ ሰሪሕካ እቲ ገዝአብ ባዕሉ ክመጽእ እዩ። እዚ ክብል ከለኹ፣ ብሓፈሻ ከም'ኡ እዩ ዘሎ ንምባል እምበር ንኹላቶም ኣይውክልን። ንሓሳብ ኣሎ ኢልካ ዘለኻ ዝምጕጕ ዘይኮነ ንምግላጽ እዩ ዝደልየ። ከምኡ ከም ኣብነት ብዘይካ ሎሚ ዝፈጥሩ ሓድሕድ ብጽሒት ዘለዎም ኣለዉ። ንዕኦም ከኣ ከመስግኖም እደሊ።

ንኸሓሊፍዎም ኣይኮኑ ክዝረዝሩን ዝልኸዎም ዘለኹ። እቲ ሓላፍነት ናይ'ቶም ኣብ ስራሕ መዚቃ ኢዶ ዘለና ኩላትና እዩ።

***እንታይ እንተ ዝግበር ምሓሸ ትብል?***

ከም'ቲ ኩሉ ግዜ እንብሎ፣ ኣፍልጦ ናይ ስነ ጥበበኛ ክዓቢ ክኽእል ኣለዎ።

***ግድን ክዓቢ ክኽእል ኣለዎ! ብኸመይ ክዓቢ ይኽእል ወይ እንታይ እንተተገብረ ክሕግዝ ይኽእል?***

ዝረጋጠመካ ዕንቅፋታት እዋናዊ መፍትሒ ክትረኽበሉ እንተ ድኣ ኾይኑ፣ ነቲ ዝፍጸም ጸይቅታት መሓንቖታት ክትጉብረሉ ክትክእል ኣለካ። ብወገነይ ሓንቲ ብክኢላታት ዝቖመት መማይት ኮሚቲ እንተ ትህሉ'ሞ፣ ዝኾነ ይኹን ደርፊ ወይ ሲዲ ቅድሚ ምዝርጋሑ ኣቐዲማ ምስምዓቶ። እታ ደርፊ ብቕዕቲ እንተ ድኣ ኮይና ተሞጉሳ ትዝርጋሕ። ድኽመታት እንተ ሃልዩዋ ድማ 'እዝን እዝን ድኽመታት ስለ ዘለዋ ተዓርያ ትምጻእ' ትብሃል። ብኡ መጠን ድማ እቲ ጽልዋታት ኣብ'ቲ ሕብረተሰብ እናተዘርገሐ ምኸደ። እዚ ኣብ ጥራይ ኣይኮነ ዝግበር፣ ኣብ ኩሉ ዓለም ዝሰርሓሉ እዩ። ክሳብ ዝኾነ ዝኸውን ብኸም'ዚ ክኸይድ ምተኻእለ። ንመዚቀኛታትን ደረፍትን ከኣ ሰልጠና ክወሃብ ኣለዎ። እቲ ናይ ሓዋሩ ምዕባለ ከምጽእ ዝኽእል ናይ ርሑቕ መደብ ግና፣ ብኽኢላታት መዚቃ ዝቐለሰ ኮሌጅ ምምስራት ጥራይ እዩ። ኣብ ዓለም ይኹን ኣብ ጎረባብትና ብዙሕ ኣብነታት ክንርኢ ንኽእል ኢና። ምኽንያቱ ንሱ ስለ ዝሓገዞም ኣብ ከመይ ዝበለ ደረጃ በጺሖም ኣለዉ። ኩሉ ግዜ ሓደ ትሕዝቶታትካ እትፍትሸሉ፣ ሓደስቲ ነገራት እተፍርየሉ ወይ እትምህረሉ ላብራቶሪ የድሊ። እዚ ብዙሕ እዋን ክኸፈት እዩ ስለ ዝበሃል እቲ ትጸበት ካብኡ እዩ ክኸውን። ክሳብ እዚ ኣብ ግብሪ ዝውዕል ግን፣ ኣብ'ቲ ዝፍና ደርፍታት ወይ መዚቃዊ ስራሓት ቀይዲ ምግባር እዋናዊ ፍታሕ ክኸውን ምኸኣለ እብል።

ኣብ መራኸቢ ብዙሃን ዝፍና ደርፍታ እውን ከምኡ ኣለዎ። እንተ ድኣ ኩሉ ዝዘሰርሐ ዝፍና ኲዩኑ ነቲ ብሕጂ ኣብ ስነ ጥበብ ክጥፍኡ ዝደለ. ሰብ ኣብኡ ክኸዶ ኣይክእልን። እዚ ሓገዝዮ ዘለና ኣኳይዳ ሓዘና ክጽድፍ እንተ ዘይከኣይኑ ዘማዕበልና ኣይኮነን። ኣብ ስነ ጥበብ ዘዘኩሩ፣ ጥበብ ዝዓብዩሉ፣ ጥርንፍ ዝበለን መሪሕ ዘለዎን ኣካይዳ ስነ ጥበብ ክህሉ ኣለዎ። ኣላዪ ሃልዩዎ ብዓቕምን ክእለትን ዝወጽኤ ክኸውን ኣለዎ ስራሕ መዚቃ።

***ህዝቢ'ኸ ነቲ ብቑዓት ዘለዎን ዘይብሉን ባሉ መማዩ ዘድልዮ ክወስድ ኣይክእልን ደዩ?***

ሓፊሽ መብዘሕትኡ ሰማዓይ ስለ ዝኾኑ ዝቐረብሉ እዩ ዝወስድ። ናይ ህዝቢ ናይ ምስማዕን ምስትምቓርን ተኽእሎ ስነ ጥበበኛ እዩ ክመርሖ ዝግባኡ። መደብ ሽግሩዋ ኣብ ዝበረሉ እዋኑ ህዝቢ ኣብ ደርፍን መዚቃን ቀሊል ዘይኮነ ኣፍልጦ እዩ ረኺቡ። ኣብ ምስትምቓር ደርፊ ገርሒ ወሲኹ ማለት'ዩ። ህዝቢ ሓብሬታ ወይ ኣፍልጦ ምስ ረኸበ እዩ ከስተውዕል ዝጅምር። ስነ ጥበበኛ ነቲ ህዝቢ ክፍልጦን ክመርሖን ኣለዎ። ሓደን ተመሳሲሉን ነገር ዝቐርበሉን ዝጸልዎን እንተ ኾይኑ ግን ካብኡ ሓሊፉ እንታይ እዩ ክሰምዕ!

ንኣብነት ነቲ ናይ ስሳታት መዚቃ ካብ ዝጸለወት ሓንቲ 'ቃኘው ስቴሽን' እያ ነይራ። ብዙሕ ሰብ ብሕልፊ መንእሰያት ይሰምዕዋ ስለ ዝነበሩ ብኡ መጠን ጽልዋታት ከተሕድር ክኢሉ። ናይ'ቲ ግዜ ሰማዕቲ ድማ ኣብ ምስትምቓር ደርፍታት ፍልይ ዝበለ ክኸውን ክኢሎም። ኣብ ጃማይካ 'ሬገ' ዝበሃል ቅዲ መዚቃ፣ ወላ'ኳ ማዕቢሉ ካብ'ቶም ተሰዲዶም ዝኸዱ ኣፍሪቃውያን እንተ ኾኑ፣ ብዝወሰኸ ካብ ኣሜሪካ ብዝፍኖ ራድዮ 'ብሉስ' ዝዓይነቱ መዚቃ ብቐጻሊ ይሰምዑ ነይሮም። እቲ ቅዲ ኣብ ጃማይካ ኣዝዩ ህቡብ ኩይኑ። እቶም መዚቀኛታት ብእኡ ምስ ተጸልዉ፣ ምስ ናይ ገዛእ ርእሶም ቅዲ ኣቀናቢሮም ዚ ሕጂ 'ሬገ' እንብሎ ቅዲ ከማዕብሉ ክኢሎም። ጽልዋ ናይ መዚቃ እምበኣር ክሳብ ክንድ'ዚ እዩ።

ኣብ ናትና ምስ እንመጽእ፣ ንኣብነት ራድዮ ኑሜ ወላ'ውን ብቑዓት ደርፍታት ትፈኑ፣ ነቲ ብቕዓት ዘይብሉ መዚቃ እውን ብቐጻሊ ትፍኑ እንተ ኾይናስ ሰማዓይ ብእኡ ክጽሎ ግድን እዩ። ዝተፈላለየን ርቀት ዘለዎን ቅድታት ምስ ዝሰምዕ ግን ኣብ መዚቃ ዘለዎ ኣፍልጦ ከዕብን ናይ ምስትምቓር ዓቕሙ ቀስ ብቐስ እናለዓለ ክኸይድን የኽእሎ።

ኣብ ዝሓለፈ ብምኽንያት ፋሲካ ኣብ ቲቪ ኤሪ ብዞባ ጊታሪስት ጊደምን ናቲን ዝተፈነወ መደብ እቲ ኣብኡ ዝጽወት ዝበረ ቅዲ ናይ መዚቃ ፍልይ ዝበለን ጥዑና ዘለዎን እዩ ነይሩ። ከምኡታት ዝበለ መደባት እንተ ዝበዝሑ ከኣ ኣብ ስራሕ መዚቃ ሃገርና ጽልዋ ምሃለዎ። እቲ ከምኡ ዝበለ መደባት እዋናውን ባይታ ዘጣጥሕ እዩ።

***ብሓያሎ ሰባት ናይ ቀደም ደርፍታት እዩ ጥዑም እምበር፣ እዚ ናይ ሎሚ ደርፍታት ወይ መዚቃስ ባህ እኳ ኣይብለካን. . .' ክበሃል ይስማዕ እዩ። ናይ ቀደምን ናይ ሕጅን እናበልና ክንፈልዮ ንኽእል ዲና?***

መን እዩ ዝበሎ ብዘየገድስ፣ ከምኡ ክበሃል ይስማዕ እዩ። ግና እዚ ናይ ሕጂ እውን ናቱ ጽባቐን መቐረትን ኣለዎ። ብደረጃ ዓለም ክኢላታት ከም ዝብልዎ፣ ኣብ ስሳታት፣ ሰብዓታት ከምኡ'ውን ሰማንያታት ዝተደርሰ መዚቃ ጥዑሚ ሜሎዲ ዘለዎ፣ ፈኪሱ ናቱ "ኮርድ ፕሮግረሽን" (ኣጠቓቕማ ኮርድስ) ብዙሕ ዘተሓላለኸ ዘይኮነ፣ ጊታር ዝጻወቶ ሰሉ ከበሮ. . . ንጹር ዝኾኑ ክትሰምዖ ከለኻ ባህታ ዝፈጥር፣ ብቐሊሉ ኣብ ሓንጎል ዝኣቱ እቲ ዜማ ብቐሊሉ ዝዝከር፣ ዓይነት ደርሰታት እዩ ነይሩ። ሕጂ ምስ ምዕባሉ ብፍላይ ካብ 2012 ንደሓር ግን ብሕልፊ ኣብ ጃዝ መዚቃ "ሶፊስቲኬትድ" (ዝተራቐቐ) እናኾነ እዩ መጺኡ። ወላ'ውን እቲ ክላሲካል መዚቃ ሰብ ክሰምዖ ወይ ከስተማቕሮ ዝኽእል ኣይኮነን። ዚ 'ሞደርን' ከስተማቕሮ እንተ ኾይኑ፣ ኣፍልጦ ዘለዎ ወይ ኣዕሚቑ ክትንትኖ ዝኽእል ወይ እውን በዚ ቅዲ ዝተጸልወን ክኸውን ኣለዎ። ሎሚ ንምሳእ ሰባት ኣኪብካ 'ራፕ' ዝዓይነቱ ቅዲ መዚቃ እንተ ኣሰሚዕካዮም፣ ክንደይ ካብኦቶም ክርድኡ ከም ዝኽእሉ እዝዮዝር ዋናኡ። እቲ ናይ ቀደም ኣደራርሳ ግን ፈኪሱ ስለ ዝበረ ቀልጢፉ ኣብ ሓንጎል ሰባት ይኣቱ። እዚ ናይ ሕጂ ዝተሓላለኸ ዓይነት ኣደራርሳ መዚቃ ግን ንተራ ሰባት ከየርድኦም ይኽእል እዩ። ናይ ዓድና ምስ እንርኢ እውን ናብኡ ዝኸይድ ምኽንያታት እዩ ዘለዎ። ኣብ'ቶም ናይ ቀደም ደርፍታት ቀሊል ዝኾነ ኣደራርሳ ስለ ዘሎ ብቐሊሉ ኣብ መንፈስካ ይኣቱ። ብዓቢኡ ድማ ስርዑት ስለ ዘለዎ፣ ብቐሊሉ ደርደኣካን ተስተማቕሮ። ንዓይ ከም ዝረኣኹዎ ካብ'ቲ ዝጸለዩ ናይ ሕጂ ጸገምና፣ ኣብ ዝበዝሐ ደርፍታትና ስርዑት ዘይምህላው እዩ። ጽቡቕ ክኸይድ ይጀንሕ'ሞ፣ ኣብ መንጎ ይቋረጽ፣ ግዜ ኣይሕሉን ባር ይሰብር. . . . ክትሰምዖ ከለኻ ርግኣት ኣይህበካን። ስሩዕ ዝኾነ ነገር ግን ሃዲኡ ስለ ዝመጽኣካን ዝኣትወካን ትቕበሎ። በዚ ምኽንያታት ድማ እቲ ናይ ቀደም መዚቃ ክትፈትዎን ክትቕበሎን ይቐልካ ይብሉ ክኢላታት።

***ንምህዛብ መዚቃ ክሕግዝ ዝኽእል ለበዋ ወይ ምኽሪ እንታይካ?***

ነቲ እንዝምሮ ምዕባለ ስነጥበብ በብኩርናዑ ክንሰርሓሉ ኣለና። ኣብ'ቲ ግዜያዊ ዝኾነ ብልጭልጭ ከይተደፈርና፣ ንስለ ጥበብ ንስራሕ። 'ስነ ጥበበኛ'የ ክትብል ቀሊል እዩ። ስነ ጥበባዊ ስራሕ ክተቕርብ ከቢድ ከም ዝኾነ ክንግንዘብ የድሊ። ኩላትና ግዜን ዓቕልን ሂብና እንተ ድኣ ሰሪሕና ድማ ክንዕወት ከም እንኽእል ዘጠራጥር ኣይኮነን። እቲ ተውህቦ ክእለት፣ ሓይሊ. . . ኣብ ቦታኡ ኣሎ። እቲ ተበግሶ ግን ናይ ኩላትና ሓላፍነት ስለ ዝኾነ ኣጀጋምና ነልዕል ክብል እደሊ።



# ሩፍታ

መንሱር ናፍዕ

# እታ ምኽሕቲ

## ካልኣይ ክፋል

“ኣለኺ ምሽ ሰቕ ኣልኪ ኣይትደክምሲ፧ ሰለሙን ከምቲ ጽብቕቲ ጓል ርእየም ከም ኣኻልብ ዝሑብሑ ኣውዳት ከይመስለኪ፧” ዊንታ ናብ ኣስቴር ዝቐንዐ ዘረባ ከተመሓላልፍ ተሰምዐት።

“ከም ዝዕውተሉ ርግጸኛ’የ። ኣስቴካ ንዝደለየቶ ወዲ ከም ተረኻኽበሉ ደማ ክትፈልጢ ይግባእ። ሎሚ ኣይሰለጠን ጸባሕ ይሰልጥ። ጽባቐይ ዘየዕሸዎ ወዲ ተባዕታይ ዓይነወር ጥራይ’ዩ ክኸውን ዘለዎ።” ብትዕቢት ዝተጉበአ ዘረባ ኣሰምዐት።

“እሞ ኣብቲ ዝገበርኪ ንላዕሊ እንታይ ኣሎ? ጉዳፋኪ እኳ’ዩ ከይዱ። ጽባቐኺ ኣብ ጽባቐ ሰበይቱ ንላዕሊ ኣይከኣን ማለት እኳ’ዩ።” መመለሱ ናብ ሓደኛ ኩነት ዝደፍእ ቓላት ኣፍሰሰት ዊንታ።

“ከርእየኪ’የ በሊ። እዚ ዝሓሰብክዎ እንተዘይገይረ ኣስቴካ ኣይኮንኩን። ኣነ ኣስቴካ ኣሸንኳይ ንመንእሰይ ብዓል ሓዳር ንመሪኑ ጉዳሙ ዝተመርቀፈ’ውን ኣይንሕፍን’የ” ብስምዒት ኣንጸርጸረት። በቲ ልቦና ዘይተኻሰኮ ኣዘራርብኣ ክትሓስብ ዝተገሶት ኣይተምሰልን’ያ።

“በሊ ሰቕ ኣልኪ ኣብ ሓጥያት ኣይትእተዊ።” ዊንታ ቕጭ ዝመጸ’ያ ትመስል። ዋላ’ኳ ኣስቴር ብዘይ መጠን ጽብቕቲ ምኳና ትኣምን እንተኾነት ክሳብ ክንድኡ ብጽባቐኣ ክትምካሕ ግና ኣይደገፈቶን።

“ጽብቕቲ ዝበረት ትግበር ሓጥያት ዝበሃል የብላን።” ቀብዘርዘር እናበለት መለሰት። ንዘበሎቶ ስለ ዝኣመንትሉ ዘይኮነ ብተዛዋዋሪ መገዲ ኣፍ ዊንታ ክትዓጽዉ ዝበሉቶ’ዩ።

“እዋእ!” ዊንታ ተገረመት።

“እወ! ወይልኣን ደኣ ኽፉኣት።” ናብ ዊንታ ዝዓለመ ኾፎፈታ ኣዘዘበት። ዊንታ መሓዝኣ ምስ ጸቡቓት ከምዝይትጽብጸብ’ያ ትኣምን። ስለዚ ኸኣ’ያ ዝዘለፈታ።

***

“ዓርከይ ደስ ኣልካ’ያ ኣለኻ ማለት የ?” ሓጎስ ርድኢቱ ገለጸ። ሓደ ካብ መሳርሕትን ኣዕሩኽን ሰለሙን’ዩ።

“እሞ ቀሪብካ ዝዘይትፈልጦ ሰብ’ዶ ከምኡ ይብሃል’ዩ?” ከም ሰብ መጠን ክትፈቱ ትኽእል ትኸውን። ንብዓል ሓዳር ግና ጌጋ’ዩ።” ኣስቴር ኣብ ኣዒንቱ እናተጎዝኣሉ ሓሳቡ ክገልጽ ፈተነ። እቲ ጉዳይ ብኣኻልጸኡ ነውሪ’ዩ።

“ኣበይ ኣለኻ ሰሌ? ክንደይ እንደየም ተመርዒየም ዝወለዱ ኣብ ከማዚታት ዝጽመዱ። ንስኻ ደማ ከምኣም መሰልኪያ ትኸውን። እምበር ቁልዓስ ዝወጸ የብላን።” ሓደ ካብቶም ብጽባቐ ኣስቴር ዝደነቑ መሳርሕታ’ዩ ሓጎስ። ዋላ’ኳ ክንጾ መልክዓ ዝሀሉ ህይወታ ዘይፈልጦ እንተኾነ ብመልክዓ ግን ወትሩ ምስ ነኣዳ’ዩ።

“ገረመኒ ኣነስ።” ኣስተንተነ።

“ኣይትገረም ሰሌ። ኣብይ’ሞ ንዓይ ከምኡ እንተትብለኒ. . .” ብኸምስታ ገጹ ወለዑ ተዛረበ። ዝተዛረቦ ቀንዲ ምንባሩ ግና ገጻዊ ስሚዒታ ኣንቢብካ ክትርድኦ ጸገም ዘፈጥር ኣይኮነን።

“ከድ! እንታይ ኢልካያ ወደይ? ኣብዛ ምውቕቲ ሓዳርካ ኣትያ ህይወትካ ከተበላሽወልካ። ምስ ኣሚንካን ሓዳርካን ደቅኻን ይሕሸካ ሓጎስ። ጽባቐ ከሰንፈካ የብሉን። ጽባቐ መጠረዚ እምበር ካልእ ኣይኮነን። ኩሉ ጸቡቕ መጠረዚ ዘለዎ ከኣ ግድን ኣይኮነን ጸቡቕ ነገር ክኸውን።” ዋላ’ኳ ሓጎስ ንምዛ ከም ተዛረበ እንተተረድኦ ብልዝቡን ርጡብን ኣብህሎ ክዛረብ ግና ኣይሰልከዮን።

***

ብምኽንያት በዓል ሓድሽ ዓመት ዝተዳለወ ድግስ’ዩ። ንዋዕዋዕታ ናይቶም ኣብቲ ጽንብል ዝነበሩ ሰባት ልዑል መዚቓዊ ድምጺ ተደሚርዎ እቲ ህሞት ተረቢሹ። ግና በቲ ረቢሻ ዝተገደሰ ወይ ዝተሻገረ ሰብ ኣይነበረን። ገለ ይስዕስዑ ገለ ተጸጊዖም ዝተፈላለየ ዓይነት መስተ ክሰትዩ ይረኣዩ።

ሰለሙን ኣብቲ ብትካሎም ዝተመወለ ናይ ምዝንጋዕ ምሸት ምስ ብጾቱ ብምኳን ከስተማቕሮ ተራእዩ። ዝሰትዮዎ ዝነበሩ ኣልኮላዊ መስተ ዝሰርሓሎም ክማሰል ዓውዓው ኩብሉ ተሰምዐ። ናይ ኩሎም ኣዘራርባ ካብቲ ንቡር ላህጃኦም ኣመና ዝተፈልየ ካብ ምኳኑ ክዕገት ኣይተኻእለን።

ኣብ ወሽጣ ተኽሊ ኣቕሚጣ ዝበረት ኣስቴር ብተደጋጋሚ ግዜ ሰለሞን እናጠመተት ከኒታቱ ካብ ምዕዛብ ኣይትቐጠበትን። ሰለሙን ሰኺሩም ምንባሩ መልሰ ተግባራቱ ተገዚባ ደምዲማ’ያ። እዛ ዕድል ከተምልጣ ኣይደለየትን። ብጥዑዩ እንኸሎ ፈተና ዘይሰለጣ ኣእምሮኡ ምስ ሰሓተ ክተሰሕቶ ሃቀነት።

ንዊንታ መሓዝኣ ናይ ተመልከትኒ መልእኽቲ ኣመሓላሊፋ ናብቲ ሰለሙን ምስ ብጾቱ ዝበርሉ ኣንፈት ክትሰገም ጀመረት። ኣይሰኸረትን ደኣ እምበር ንሳ’ውን ጠዓዒማ’ያ። ሰብ እንታይ ይብለኒ ዝብል ኣሰሓኮ ኣብ ወሽጣ ቦታ ኣይረኸበን። ክዓውንታ ቁሪጽ መሪጽ ስለ ዝበረ ኣብ ስራሒታ ክትሓብር እምንቶ ኣሕዲራትሉ’ያ።

ኣብቲ ሰለሙን ዝነበሮ ሸነኽ ምስ በጽሐት ብዕምቆት ኣስተንፈሳ ኑቡሳ ኣዳለወት። ኣቓልቦ ሰለሞን ንምስሓብ ደማ ብኣእዳዋ ተንኪፋ ተዳህዮቶ።

መን ከም ዝተዳህዮ ክፈልጥ ኣንፈቱ ዝጸምጠለ ሰለሞን ኣስቴር’ያ ኣብ ኣዒንቱ ኣትያቶ። ፈለማ ዝተደነቐሉ እንተቴሩ ኣኩዳድንኣ’ዩ። ዝፍ ኣራንሺ ዝመስል ኣጥቢታ ፍርቂ ክፋሉ ተሰቲሩ ፍርቂ ደማ ንዓይኒ ተዓዘቢ ክፉት’ዩ ኔሩ። ተባሂጊ ኣሰላፉ’ውን ንግሉቱ እዩ እምበር ተሸፊኑ ክበሃልስ ኣይከኣልን።

“ከመይ ኣምሲኻ ሰሌ?” ንሱቤታ ብህርፍርፍት ይጥምቶ ከምዝሎ ተዓዚባ ጠየቐት ኣስቴር። ናብ ኣጥቢታ እምበር ናብ ገጻ ይጥምት ኣይነበረን።

“ጸቡቕ ኣስቴር።” ብሱኹር ላህጃ ግብረ መልሲ ሃበ። ንርእሱ ብዘዮባእ ይቆጻጸር ኣይነበረን። ኣዒንቱ ናብታ ሱሓቤን ቀታልን ስምዒት ክትፈጥር ትኽእል ኣስቴር’ዩ ቃንዩም። ናብ ኣጥቢታን ኣሰላፉን እናኣብራረየ ክጥምት ንዓመታት ዘሰየ ስ ምግባሩን ኑበሰ ግትኣቲን ኣብ ሓደጋ ኣውደቖ።

“ማራ ሾኪርካ ቀኒኻ።” ኣዒንታ ሰለምለም እናኣበለትን ንምምላጡ ቀንጠስጠስ ከይገደፈትን ናእዳ ኣኸተለት። ናእዳ ጽብቕቲ ጓል ዘየሰግዶ ወዲ የለን በሃሊት’ያ። ኣውዳት ካብ ንመልኣኽቲ ንጸቡቓት ኣዋልድ ክሰግዱ ዝቐለሎም ፍጡራት ገይራ’ያ ትሓስቦም። ብፍላይ ዝሰኸረ ወዲ ብስምዒቱ ይግዛእ’ዩ ዝብል እምነት ስለ ዘለዋ ስምዒት ሰለሞን ከተበራትዕ’ዩ ዕላማኣ።

“ኣይከማኸንን ኣስቴር ።” ክምስምስ በለ። ሰማ ብፍሉይ ቅዲ ክጸውዕ ዝተቐሰበሉ ምኽንያት ንዕኡ ርዱእ ኣይነበረን። ልዝቡ ከም ግርሰኒ ይከራተም ምንባሩ ከስተውዕል ኣይከኣለን።

“የቐንጀለይ።” ቀብዘርዘር ኣይሓደገትን። ነገራት ብኸምዚ እንተቐጺሎም ንዝሓሰበቶ ከም ተተግብሮ ምትእምማን ነይርዋ። ኣዕሩኽ ሰለሞን ብዛዕባኡ ከም ዘይተገደሱ ኣስተብሃለት።

“እም ንሳዕስዕ?” ናይ ባህጊ ስምዒት ተቖጻጺርዋ። ብጥዑዩ ዘየቐሰበሉ ጽባቐ ኣስቴር ምስ ሰኸረ ዝበርሃሉ’ዩ ዝመስል።

“ጸገም የለን።” ኣይተማትኣትን። ዊንታ ምስ ሰለሞን ክትሳዕስዕ ተራእያ እንታይ ከም ትብል ሓሲባ ኣኽማሰማሰት። ናብ ጓይላ እተወ። ሰለሞን ካብ ይሰዕስዕ ይዓብድ ነይሩ ምባሉ ይቐልል። ኩሎም ብሰኩ ምግባሩ ዘፈልጥዎ መሳርሕቱ ከይተገረሙ ኣይተረፉን። ንእምነቱ ቀቢሩ ንስምዒቱ ኣብ ዘገልገለ ዓለም ተሸሚሙ ነበረ።

እሞ ደገዶ ንውጻእ?” ጓይላ ምስ ተመላምም ኣስቴር ዘበሎቶ’ዩ።

ኣልጋና ወልደማርያም

# ኩርናዕ ካርቱን



# ምልክታ

ዳሃብ ዳዊት - ቤተልሄም ታደሰ

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ከተማ ደቀምሓረ

ወ/ሮ ጸጋኣለም ተኪኤ ወልደኺዳን በዓል ቤተይ ቀሺ ሓድሽ ዘኹሩ ተስፋገርግሽ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ ካብ ካልኣይቲ ሰበይቲ ዝተወልዱ ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣወጣሽ መድሃኔ ተስፋማርያም በዓል ቤተይ በየነ ገብረክርስቶስ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዳምባ ምጭ

ወ/ሮ ወይኒ በርሀ ተስፋማርያም ምስ ተጸዋዒ በዓል ቤተይ ሃይለ ተስፋይ ገብረስላሴ ቅድሚ 5 ዓመት ብባህልን ልምድን ተመርዒና፡ ኮይኑ ግን እዚ ተጸዋዓይ ካብዚ ሓዳርና ዝወጸናሉ ዕለት ናብዚ ከይደ ኣለኹ ኢሉ ስለዘይሓበረኒ ደሃይ ኣይገበረለይን እዞ በዓል ቤተይ ከም ዝጠፍኣኒ ደሃይ ስለዘይብለይ ሕጂ ግን ብቤ/ፍ ክረጋገጸለይ ናይ ፍትሕ ሰነድ ክወሃበኒ ወይ ክቐርበኒ ስለዝበላ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/7/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ዑቕባሚካኤል ሃብተስላሴ በርሀ በዓልቲ ቤተይ ወ/ሮ ለምለም ገብረኺዳን መዘንግዕ ስለዝሞተት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ንግዳዊ ባንክ ብስማ ዝተመዝገበ ቁጽሪ መጠራቐሚ ሕሳብ 16101 ንኸውጽኦ ክፍቀደለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ከተማ ሰንዓፌ

ብርሃና ተስፋገርግስ ገብረመስቀል በዓል ቤተይ ገብረገርግስ ካሕሳይ ወልደኪዳን ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/7/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዓረዛ

ከሳሲት ወ/ሮ ሰላም ኣማኑኤል ገብረመስቀል ምስ ተኸሳሲ በዓል ቤተይ ኣቶ ገብሪሂወት ኣብርሃም ተስፋዝጊ ኣብ ወርሒ 01/2006 ዝተመርዓና ናይ ሕጊ ሰብኣይን ሰበይትን ኢና ካብ ክልቴና ኣብራኽ 1 ቆልዓ ዝወለድና ኢና። እንተኾነ እዚ ተኸሳሲ በዓል ቤተይ ካብ ወርሒ 10/2009 ክሳብ ሎሚ ወርሒ 06/2014 ካብ ገዛ ምስ ወጸ ን5 ዓመት ዝኣክል ስለዝጠለመኒ ምስ ወደይ ኣደዳ ጥምየትን ዕርቃንን ስለዝኾንኩ ተጸዊዑ እንተቐረበ ጽቡቕ ኣይቀረበን ወይ እንተተሳኢኑ ግን ብቤ/ፍ ፍትሕ ክእዘዘለይ ስለዝበላ፣ ተኸሳሲ ብኣካል ወይ ሕጋዊ ወኪሉ ን28/7/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ወ/ሮ ዘውዲ ዑቕባይ ተዓረ፡ ወላዲትና ብዙ ምስጉን ወልደገርግስ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ኣብ ዝንቀሳቐስን ዘይንቀሳቐስን ንብረት ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/7/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ባጽዕ ምም/02

ዮናስ ተኽለ ዘምኪኤል፡ ኣደይ ሮማ ብርሃነ ገብረዝጊ ስለዝሞተት፡ ኣነ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/14 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ምልክታ

ብስም ሃብተ ገብረሚካኤል ሓጎስ፡ ዝተመዝገበ ምስክር ወረቐት (ሊብሬቶ) ቁ.117828 መወከሲ ቁጽሪ 100310 / 140429 ዝፍለጥ ኣብ ምምሕዳር ን/ዞባ ገጀረት ዝርከብ ስለዝጠፍኣኒ፡ ብዕዳ ሒዘዮ ወይ ረኺበዮ ዝብል እንተሎ፡ በዚ ዝስዕብ ቴሌፎን 07117038 ክሕብረኒ። እንተዘይኮይኑ ካብ ዝምልከቶ ኣካል መተካእታ ክዋሃበኒ ምዃኑ የፍልጥ።

ሃብተ ገብረሚካኤል


Eritrean Airlines
Gateway to Africa



## ብስራት!!

መንገዲ ኣየር ኤርትራ ካብ ዕለት 14 ሓምለ 2014 ጀሚሩ ኣብ ልዕሊ ኣቐዲሙ ዝነበረ ናይ ረቡዕን ቀዳምን በረራ ብተወሳኺ ወትሩ ሰኑይ፣

### ኣስመራ-ካርቱም-ኣስመራ


ተወሳኺ በረራ ከምዝጀምር ይሕብር።

ከምኡውን ካብ ዕለት 14 ሓምለ 2014 ጀሚሩ ወትሩ ሰኑይ

### ኣስመራ-ጁባ-ኣስመራ


ሓድሽ በረራ ክጅምር ምዃኑ የበስር።

ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ ጎደና ሓርነት ካብ ዝርከብ ቤት ጽሕፈትና ብኣካል ወይ ብቁጽሪ ቴሌፎን 124111፥125500፥125501 ብምድዋል ወይ ብ ኢ-ሜይል reservations@eritreanairlines.com.er ወይ eralsales@eritreanairlines.com.er ክርከብ ከምዝኽእል ንሕብር።



## ብስራት ንቀዳማይ ዓመት ዩንቨርሲቲ ተመሃሮን ካልኣይ ደረጃን

### COLLEGE PHYSICS
### ዘርእስታ መጽሓፍ




※ ናይ ቀዳማይን ካልኣይን ሰሚስተር ዓውደ ትምህርቲ (first and second semester courses) ንቀዳማይ ዓመት ዩንቨርሲቲይ ተመሃሮ ዝሓቖፈት
※ ዝርዝራውን ገላጽን ክልሰሓሳባት ኣብ ኩሉ ኣርእስትታት ብፍሉይ ኣገባብ ዘካተተት
ንነፍሲ ወከፍ ሕቶ ብዝርዝርን ሓጸርቲ መብርሂታትን መግለጺታትን ብፍሉይ ኣገባብ ዝቐረበት
※ ልዕሊ 400 ስእላዊ መግለጺታት ከምኡ'ውን ልዕሊ 1000 ሕቶታት ምስ መልሶም ዝሓዘት
※ ብተወሳኺ ኣዝዩ ዝርዝራውን ጥልቀትን ዘለዎም ክልሰ ሓሳባት ናይ ካልኣይ ደረጃን ዝሓዘት መጽሓፍ ኣብ መሸጣ ኣብያተ መጽሓፍቲ ተዳሊያትልኩም ኣላ ገዚእኩም ተጠቐሙላ።

ንተወሳኺ ሓበሬታ ቴለ 07237770 ወይ 07330203 ሰለሙን ወልደጋብር

## ዓቢ ምጉዳል ዋጋ

ኢንዱስትሪ ዓለባ ኤርትራ ንህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ ንኣመንቲ ምስልምና ድማ ብፍላይ እንቋዕ ናብ ዒድ ኣልፈጥር ኣብጽሓኩም ዒድ ሙባረክ እናበለ ሰናይ ምንዮቱ ይገልጽ።

ትካልና ብምኽንያት በዓል ዒድ ኣልፈጥር ንዓበይትን ንናኣሽቱን ክልቲኡ ጾታ ዘገልግሉ ፍርያት ምህርትና ንዘኾኑ፦

ማልያታት፡ ብራቴሊ፡ ፒጃማ፡ ጃኬት፡ ስረ፡ ካምቻ፡ ኮምፕላሰዮኒ፡ ጋውን፡ ኣንሶላ፡ ኮፕረሌቶ . . . ወዘተ

ካብ 21 ሓምለ 2014 ክሳብ 03 ሓምለ 2014 ዝጸንሕ ዓቢ ምጉዳል ዋጋ ከምዝገበረ ንዓማዊሉ የበስር።


ዓማዊልና ናይ'ዚ ንዝተወሰነ ጊዜ ዝጸንሕ ዓቢ ምጉዳል ዋጋ ተጠቀምቲ ክትኮኑ ብኽብሪ ንዕድም።

**ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ሰንበት**

ካብ ሰዓት 8፡00 ቅ/ቀ ክሳብ ሰዓት 1፡00 ድ/ቀ
ካብ ሰዓት 3፡00 ድ/ቀ ክሳብ ሰዓት 7፡00 ድ/ቀ
ኣድራሻና፦ ጎደና ተጋደልቲ ፊት እንዳ ኖራ ቴሌፎን 182967

## ብስራት ንኣንበብቲ

ብፍጹም እምሃ ዝተደርሳ ክልተ ሓደስቲ ልብ-ወለድ
መጻሕፍቲ ኣብ ኩለን ኣብያተ መጻሕፍቲ ተዘርጊሐን ኣለዋ!



ንዝያዳ ሓበሬታ ብቑ.ቴለ 07123834

## ብስራት ንወለዲ ተመሃሮን ተመሃሮ ካልኣይ ደረጃን

High school Physics ዘርእስታ መጽሓፍ



※ ናይ 12 ዓመታት ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና (Matriculation questions) ንነፍሲ ወከፍ ሕቶ ብዝርዝርን ንጹርን መልሲ ዝሓዘት
※ ሓጸርቲ መብርሂታትን መግለጺታትን ዘካተተት
※ 280 ስእላዊ መግለጺታት ዘለዋ
※ ኣብ ማትሪክ ልዑል ውጽኢት ንኽትረኽቡ ትሕግዝ

ከምኡ'ውን



A comprehensive guide to high school physics

ዘርእስታ ካብ 9-12 ክፍሊ ንዘለዉ ተመሃሮ ዘገልግሉ ዝተዋጽኡ ክልሰ ሓሳባት። ብርክት ዝበሉ ዝተሰርሑ ግድላት ስእላዊ መግለጺታት ተወሳኺ ሓገዝቲ ሕቶታት ዝሓዛ ኣብ መሸጣ ኣብያተ መጽሓፍቲ ተዳሊየናልኩም ኣለዋ፡ ገዚእኩም ተጠቐሙለን

ንተወሳኺ ሓበሬታ ቴለ 07237770 ሰለሙን ወልደጋብር

## ብስራት ካብ ናሽናል ኮምፕዩተር ሰርቪስ NCS

ናሽናል ኮምፕዩተር ሰርቪስ NCS ብምኩራን መህሃራንን
ምቹእ መምሃሪ ክፍልታትን ነዞም ዝስዕቡ ስልጠናታት ኣዳሊናልኩም ኣሎና፡

- Microsoft office
- Graphics (Ulead, Print master, Adobe Photoshop)
- Computer maintenance
- Computer network
- Accounting with Peachtree

ባሀልሜና፡
- ምቹእ ናይ መምሃሪ ክፍልታት
- ተወሳኺ ናይ ልምምድ ግዜ ንህብ
- ከምኡ ውን ስሉጥ ኣገልግሎት ኢንተርነት ኣሎና!!!

ምዝገባ ጀሚርና ኣለና
ብርትዓዊ ዋጋ ቦታ
ንምሓዝ ተቐዳደሙ!!

ኣድራሻና፡- ማእከል ከተማ ጎኒ ቤት ጽሕፈት ፖስታ
ልዕሊ ኣከራ እንዳ ወርቂ
ጎደና 176-8 ቁ.ገዛ 5 ቁ.ተሌ 126434 እዩ፡

## IBRAHIM BODY MASSAGE THERAPY

ኢብራሂም ቦዲ ማሳጅ ተራፒ

| | | |
|---|---|---|
| 1. Message Rx | مساج | - ማሳጅ |
| 2. Massage for relaxation for | تنظيف الوجه | - ምጽራይ ገጽ |
| | تنظيف الوجه | - ምጽራይ ማዳ |
| 3. Exercise | تنظيف النمش | - ምጽራይ ፈጸጋ<br>- ምልጋስ ጨጉሪ ማሽን ሓለዋ |
| 4. Make up =stat | بخار الوجه | - ናይ ጽፍሪ ምጽራይ<br>- ካሎ ነልግስ ኢና |
| 5. Mainure | | ስቲም ናይ ገጽ 150 ናቕፋ ፡ |

ንመርዐት ፍሉይ ምጽራይ ገጽ ኣሎና

ኣድራሻ፡ (ማይጭሆት)ጎደና ባሕሪ ባራ ቁ. ገዛ 18
ቁ. ኣውቶቡስ 11ን 15ን ክትጥቀሙ ትኽእሉ
ከባቢ ፊላደልፊያ ባር ሂልተን
Adress Street, Bahribara – Maichohot Tel : 118288 mob: 07141808

Email –asmara _bella@Yahoo.it




# ሲንጋፖር - ካብ ሳልሳይ ዓለም ናብ ቀዳማይ ዓለም

መጽሓፍ “ካብ ሳልሳይ ዓለም ናብ ቀዳማይ ዓለም” (From Third World to First World) ብቐዳማይ ሚኒስተር ሲንጋፖር(1959-1990) ነበር ሊ. ኩዋን ዩ እያ ተጻሒፋ። ሲንጋፖር ከም ሃገር ክትቀውምን ናብዚ ሕጂ ዘላቶ ቍጠባዊ ምዕባለ ክትበጽሕን ብዞዕባ ዝሓለፈቶ መድረኻት ከኣ ተዘንቱ። ብዛዕባ ቍጠባዊ ምዕባለን ፖለቲካዊ ኣቃውማን ጉጅለ ኤስያን'ውን ትትርኽ'ያ። ሊ. ኩዋን ዩ፡ ነታ ቅድሚ ኣርባዕተ ዕቑድ ድኻን ብዓሌታዊ ግጭት ትሕመስን ዝነበረት ንእሽቶ ደሴት ግዝኣት ብሪጣንያ፡ ናብ ሓንቲ ሃብታምን ዘመናዊትን ዓባይ ከተማ ዝቐየረ መራሒ'ዩ። ሊ. ኩዋን ዩ ብ1954 “ፒፕልስ ኣክሽን ፓርቲ” ዝተባህለ ሰልፊ ብምምስራት ብ1959 ኣብ ዝተገብረ ምርጫ ኣብ መባል 35 ዓመት ዕድመኡ ናይ ፈለማ ቀዳማይ ሚኒስተር ናይታ ሃገር ኮይኑ ዝተመርጸ'ዩ። ኣገዳስነታ ተረዲእና ናጻኹም ኑባላ ኣለና - ሰናይ ንባብ፦

17 ክፋል

ትምህርቲ ካብ ጃፓን

ኣብ መወዳእታ 1970ታት ጃፓን፡ ጸዓት ንምቍጣብ ብዝተኣታተውዎ ኣሰራርሓ ካብቲ ዘጋጠመ ናይ ነዳዲ ቅልውላው ከይተሃሰየት ምውጻእ ዓቢ. ኣድናቖት ረኺባ'ያ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ጃፓን ልዑል መጠን ዕቤት ከተመዝግብ እንከላ፡ መጠን ዕቤት ሃገራት ኤውሮጳን ኣመሪካን ግን ክጐድል'ዩ ተራእዩ። በቲ እዋን ዝተሓትሙ ዓንቀጻት፡ ብብዝሒ ዝተሸጡ መጽሓፍትን ንብቕዓት ጃፓን መስከርም'ዮም። ኣብ መንጎ ሰራሕተኛታትን ኣካያዲ ስራሕን ዝህሉ ምትሕግጋዝን ምውህሃድን ኣብ ዕቤት ፍርያት ኣገዳሲ. ምኽኒ ካብ ጃፓን'የ ተማሂረ። ኣገዳስነትን ትርጉምን ምምዕባል ዓቕሚ ሰብ ብዝይቅልዓለም ካብኦም ኢና ተማሂርናዮ።

ኣብ 1972፡ ‘ሃገራዊ ቦርድ እቶታውነት’ ዝበሃል ትካል ኣቘምና። ንምምስራቱ ድማ ንማእከል እቶታውነት ጃፓን ኢና ቀሪብናዮ። ንኣቦ መዝበር ናይቲ ማእከል ከኣ ረኺብ ኣዘራሪብዮ። ንሱ፡ ኣፍራይነት ናይ መወዳእታ መስመር ሕንጻጽ ዘይብሉ ማራቶን'ዩ ክብል'ዩ ዝገልጾ። ብዘዘበና ሓገዝ ድማ ኣብቲ ዝቐጸለ 10 ዓመት ኣድማዒ ትካል እቶታውነት ክንሃንጽ ክኢልና።

ማናጀራት ጃፓን ኣብ ስርሖም ውፉያት'ዮም። ኣብ 1970ታት፡ ሓደ ጃፓናዊ መሃንድስ ኣብ ትካል ስርሓት መራኽብ ‘ጃሮንግ’፡ ኣብ ምቍጣር ንመስርሒ. ዘድሊ. መጠን ገንዘብ ጌጋ ስለዝፈጸመ፡ ሓደ ኣገዳሲ. ናይ ነዳዲ ገንኢ. ናይ ምስራሕ ፕሮጀክት ፈሺሉ። ናይቲ ዓመት'ቲ ናይቲ ዝሰርሓሉ ዝነበረ ኩባንያ መኽሰብ ድማ ጉደለ። እቲ መሃንድስ ናይቲ ዓመት'ቲ መኽሰብ ኩባንያኦም ምጉዳሉ ናተይ ጉድለት'ዩ ብምባል ከቢድ ሓላፍነት ስለዝተሰምዖ ነብሱ-ቅትለት ፈጺሙ። በቲ ፍጻመ ሰንቢድና ኢና። ዝኾነ ሲንጋፖራዊ ከምዚ ዓይነት ውልቃዊ ከቢድ ሓላፍነት ክስምዖ ይኽእል'ዩ ኢልና ሓሲብና ኣይንፈልጥን ነርና።

ዓበይቲ ንግዳውያን ኩባንያታት ጃፓን፡ ኣብ ኩለን ዓበይቲ ከተማታት ቻይናን ቬትናምን ዕዳጋ ዘጃንዉ ወኪላት ኣለወን። ንኩባንያታት ጃፓን ድማ ብዋዘኡ ሓበሬታ ይምግቡወን። ኩባንያታት ሲንጋፖር ግን ጸገም ነይሩወን። ኣብ ከም በዓል ቻይናን ቬትናምን ዝኣመሰላ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ብምኻድ ኑቲ ጸንኩር ኩነታት ተጻዊሮም ክሰርሑ ዝኽእሉ መንእሰያት ሓለፍቲ ትካላት ኣብ ምርካብ ሕጽረት ነይሩወን። ምኽንያቱ ሲንጋፖራውያን ጠለብቶም ብዙሕ'ዩ። በዚ. ድማ ጃፓናውያን ንዜጋታተን ዝዓረት ሲንጋፖራውያን ማናጀራት ዳርጋ ኣይረኽባን ነበራ። ንኣብነት ጃሮንግ ዝተባህለ ትካል ስርሓት መራኽብ ሲንጋፖር-ጃፓን ዝመርሑ ዝነበሩ ጃፓናውያን'ዮም። ማናጀር ናይቲ ትካል፡ ሓላፊ ፋይናንስ፡ ዋና መሃንድስ ኩሎም ጃፓናውያን'ዮም ዝነበሩ።

ኮርፖረሽናት ኣመሪካ፡ ኣብ ካልእ ሃገር ስራሕ ድሕሪ ምጅማረን ኣብ ውሽጢ. 10 ዓመታት፡ ንወዲ ዓዲ'የን ሓላፊ ዝመዝዛ። ሲንጋፖራውያን ሓለፍትን መሃንድሳትን ኣብ ኮርፖረሽናት ጃፓን ዕቤትን ተቐባልነትን ክትረኽብ ኣዝዩ ኣጸጋሚ ምኽኑ ይፈልጡ'ዮም። ልዑል መዐቀኒ ብቕዓት ጃፓናውያን፡ ሓላፍነት፡ ተሓታትነት፡ ሞያውነትን ተወዳዳርነትን ክሰግሩዎ ኣይክኣሉን። እዚ. ግን ብዘብቕዕ እናተመሓየሸ'ዩ ዝመጽእ ዘሎ። ኣብ 1990ታት ሓደ ካብ ቀንዲ ዓበይቲ ኮርፖረሽናት ጃፓን(ኩባንያ ኤለክትሪክ ኒፖን) ንሓደ ሲንጋፖራዊ ሓላፊ ናይቲ ትካል ክኸውን መዘዙዎ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ኣብ ሲንጋፖር ካብ ዝሰርሓ ዝነበራ ልዕሊ. 80 ሚእታዊት ኩባንያታት ኣመሪካን ልዕሊ. 50 ሚእታዊት ኩባንያታት ኤውሮጳን ተመሳሳሊ. ስጉምቲ ወሲደን ነበራ። ዝተፈልየ ባህሊ. ጃፓናውያን ኣብ ስግር ባሕሪ ንዝተኸፈታ ኩባንያታቶም ጸገም ፈጢሩሎም'ዩ። ኩባንያታት ጃፓን፡ ዝይጃፓናዊ ብቑዓት ኣየእትዋኣን'የን። ጃፓናውያን እንተዘይ ተለዋጢምን ከም ኣመሪካውያንን ኤውሮጳውያንን ብምኻን ኣብ ኮርፖረሽናቶም ወጻእተኛታት ክስሕቡ እንተዘይክኢሎምን ኣብ ዓለማዊ ቀጠባ ተረባሕቲ ኣይኩኑን'ዮም። ሲንጋፖራውያን ወሃንቲ ባንክታትን ሰብ ዋኒንን ን10ታት ዓመታት ኣብ ጃፓን ድሕሪ ምቕማጦም ምስ መዛንኦም ጃፓናውያን ዕሙቕ ዝበለ ዕርክነት ኣየማዕብሉን። ኣብ ናይ ድራር ዕድመ ኣብ ህዝባዊ ምትእኽኻብት ይራኸቡ'ዮም። ኣብ ገዛኦም ግን ዝሕሱብ ኣይኮነን።

ጃፓናውያን፡ ዝኾነ ዋኒን-ትካል ንናይ ወጻኢ. ባንክታት ኣይህቡን'ዮም። ባንክታት ሲንጋፖር ኣብ ጃፓን፡ ኣብ ሲንጋፖራውያንን ካልኦት ወጻእተኛታትን'የን ዝምርኮሳ። ሓንቲ ዓባይ ናይ ጃፓን ትካል ኣብ ሲንጋፖር ክትተኮፍ እንተመሪጻ፡ ኣድላዪ ደገፍ ክህባ ዝኽእላ ትካላት ሒዛ'ያ ትመጽእ። ንኣገባብ ኣካውንራኦም ዝሰማማዕ ቀረብ ኩዓልዋ ዝኽእላ ድኳናት፡ ቤት መግብን ካልኦት ትካላትን ድማ ይማልኡ።

ጃፓናውያን ካብ ቴክኖሎጂ ምዕራብ ተበቲኾም ስለዝነበሩ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ንኽበጽሑ ሓያል ብድሆታት ሰጊሮም'ዮም። ድሕሪ'ዚ. ሓያል ጻዕሪ ዝረኸብዎ ሓድሽ ሃብቲ ንስርዓታት ሳልሳይ ዓለም ክካፍሉ ቅሩባት ኣይነበሩን። ምኽንያቱ ረድኤት ምሃብ ኑቶም ውሑዳት መራሕቲ ደኣ'ምበር ንሓፋሽ ዘርብሕ ኣይኮነን ዝበል መረዳእታ'ዩ ዘለዎም። ሲንጋፖራውያን'ውን ብኸምዚ. መስርሕ ስለዝመጻእና ናይ ጃፓናውያን ስምዒት ንርድኦ ኢና። ኩሉ ግዜ ከም ህያብ ብቑጥታ ዝወሃብ ረድኤት ኣብ ዘይመዓላኡ ክውዕል ልዑል ተኽእሎ ኣሎ። ስለዝኾነ ብመልክዕ ስልጠናን ቴክኒካዊ ሓገዛትን ክወሃብ ኢና ንመርጽ።

ኣብ 1980፡ ሰብ መዚ. ሚ/ሪ ንግድን ኢንዱስትሪን ናብ ጃፓናውያን መዘናታቶም ናይ ስራሕ ምብጻሕ ፈጺሞም። ጸብጻቦም ዘደንጹ'ዩ ነይሩ። ጃፓናውያን ኣብ መጻኢ'ዮም ዘተኩሩ ነይሮም። ኣማራጺ. ነዳዲ ዘይቲ ንምንዳይ ይሰርሑ ነይሮም። ኣብ ሓጺን መካይንን ኤለክትሮኒካዊ ኣቑሑን ዝነበረ ዓቃባዊ ኣተሓሕዛ፡ ናብ ኣሳታፊ ናይ ፍልጠት ኢንዱስትሪ ክቕይሩዎ ነይሩዎም። ገሲጋሶም መሳጢ'ዩ ጸኒሑ። ናይ ገዛእ-ርእሶም ቴክኖሎጂን ፍርያትን ብምፍጣር ንቕድሚት ክቕጽሉ ግን ኣገዳሲ'ዩ።

ኣብ 1980ታት ራእይ ሚ/ሪ ኣህጉራዊ ንግድን ኢንዱስትሪን ጃፓን፡ ንድሌታት ህዝበን ሕብረተሰብን ዝገልግል ሓድሽ ፍልጠት ብምርካበን ብምምዝማዘን ቴክኖሎጂ ዝሰረታ ጃፓን ምውሓስን'ዩ ነይሩ። ኣብዚ. ዓመታት፡ ንሰብ መዚ. ሲንጋፖር ብሚ/ሪ ኣህጉራዊ ንግድን ኢንዱስትሪን ጃፓን ዝተዋህቦም ምኽሪ፡ ንጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጣን ኣከባቢያውንን ሲንጋፖር ከም ውሁብ ወሲድካ፡ ንሲንጋፖር ከም መመላእታ ቶክዮ፡ ማእከል ፍልጠትን ሓበሬታን ኩይና ንኽትጸወት ምድላዋ'ዩ ነይሩ። ጃፓናውያን፡ ከምዚ. ዓይነት ማእከል ንኽዕውት እቲ ህዝቢ. ዝተኣማምን ክኸውን ኣለዎ ዝበል እምነት'ዩ ዘለዎም። ኑቲ ምኽሪ ብልቢ. ኢና ተቐቢልናዮ። ንኸምዚ. ዓይነት ማእከል ፍልጠትን ሓበሬታን ክውሰድ ዘለዎ ስጉምቲ ብጥንቃቐ ድሕሪ ምጽናዕና፡ ኑቲ ኣብ ኩለን ኣብያተ ትምህርትና ኣብ ሰኡ-ፍልጠት፡ ሰኡ-ሕሳብን ኮምፒተርን ዝነበረና ኣተኩሮ ብዕጽፊ ኣዛይድናዮ። ምስ ብሕታዊ ጽላት ማዕረ ንኽንሰጉም ንኹሉ መንግስታዊ ትካላትና ኮምፒተራት ኣዕጢ.ቕናዮ። ኮምፒተራት ብብዝሒ. ንምእታው ቀረጽ እታው ኣዚና ኢና ኣጉዲልናዮ። እቲ ውሳኔ ብሓበሬታን ፍልጠትን ንገረብብትና ክንመርሕ ኣኽኢሉና'ዩ። ኑቲ “ብልሂ ደሴት” ዝበል ውጥንና ፈልሲ. ዝዘርኦ ድማ'ዩ። ንኹሉ ብ ፋይበር ኦፕቲክ (ቴክኖሎጂ ምትሕልላፍ ሓበሬታ) ከምዘራኸብ ብምግባር፡ ብቐጥታ ምስተን ቀንዲ ማእከል ፍልጠትን ሓበሬታን ዝበሃላ ከተማታት ኣራኺብናዮ። ንሳተን ቶክዮ፡ ኒውዮርክ፡ ሎንደን፡ ፓሪስን ፍራንክፈርትን'የን ነይረን። ካብ ጐረባብትና'ውን ኳላላምፑር፡ ጃካርታ፡ ባንኮክን ማኒላን በቲ መርበብ ሓበሬታ ክንራኸበን ክኢልና ኢና።

ኣብቲ ኣብ ሲንጋፖር ምስ ቤት ምኽሪ ንግዲ. ጃፓን ዝነበርኩዎ ርክብ፡ ንትካላቶም ብሓድሽ ወፍሪ ብኸመይ ከምዝሐደስወን ተማሂረ። ጃፓናውያን፡ ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም ተወዳደርቲ መታን ክኾኑ ንኢንዱስትሪታቶም እቲ ኣዝዩ ዝማዕበለ ቴክኖሎጂ ከዕጥቅወን'ዮም ዝሃቕኑ። ሓደ ካብቲ ዝመሰጠኒ. ድማ ኑቶም ዝነ ማሽናት ዝሰርሑን ኑተን ኩባንያታት ዘመሓድሩን ሰባት ዘወፍሩዎ ኣዝዮም ዝግደሱሉ ምኻኑ'ዩ። ኑቲ ቴክኖሎጂ ብዝበለጸ ከስርሕዎን ዝለዓለ እቶታውነት ክህልዎን ንኣባላቶም ብቑዓት ስልጠናን ዳግመ ስልጠናን ይህቡ። እዚ. ፍልስፍናዊ'ዩ ድማ ኩሉ ግዜ ኣብ ቅድሚት ዝሰርዖም። ሰብ መዚ. ሚ/ሪ ኣህጉራዊ ንግድን ኢንዱስትሪን ጃፓን ከምዝገለጹልና፡ መሰረታዊ ሓይሊ. ናይ ዝኾነት ትካል ኣብ ሰባ'ዩ ዝምርኮስ። ስለዚ'ዮም ከኣ ኣብ ሰራሕተኛታቶም ልዑል ወፍሪ ዝገብሩ። ንሕና ሲንጋፖራውያን ሰደተኛታት ኢና። ሰራሕተኛታትና ከኣ፡ ዝኾነ ሰራሕተኛ ናብቲ ልዑል ደሞዝ ክኸፍሎ ዝኽእል ኣሰራሒ'ዩ ዝኸይድ ዝበል ስርዓት ናይ ብሪጣንያ ዝለመዱ'ዮም።

ይቕጽል...

ኖሪዮም የውሃንስ
ሚኒስትሪ ሃገራዊ ልምዓት







# ደብዳበታት ኣንበብቲ

ፍናን መሓሪ

## ምስልኻ ምኹላዕዶ ምድዋን

ካብ ሓደ ከተማ ክንወጽእ ወይ ድማ ናብ ሓደ ከተማ ክንኣቱ ከሎና ተተኺሎም ናይ መወዓውዕን ካልእን ታቤላታት ብዙሓት'የም። ኣብ ማእከል ከተማ ብዘተፈላለየ መንግስታውያንን ዘይመንግስታውያንን ትካላት ዝተተኽሉ'ውን ብተማሳሲ. ዘይንርኢ ኣይኮንናን። ናብ ደቀምሓረ ዝወስደን ካልእን ኣለው። ኩሎም ከኣ ኣፍቶም ሰራሕ ኣለዎም። ብበወገኖም ዘመሓላልፍዎ ሓበሬታን መልእኽቶን ከፀዝለዎም ከኣ ብትሕዝቶኦም ክትርድኦ ትኽእል።

ገለኣን ትካላት ደሰርሓ ኣለዋ ዲየን፣ ኣርባዕተ እግረን ሰቒለን ዛንታ ጥራይ ኮይነን ደየን ተረፈን ዝርደኣካ እኳ እንተዘየሎ ሐዘንኣ ዘለዋ ምስለን



ዘእቱን ናብ ዓዲ ጓዕዳድ ዝወስደን ኣብ ማእከል እቲ ዓዲ ዘለዉን እኹላት ክጥቀሱ ዝኽእሉ ሰሌዳታት መወዓውዒን ታቤላታት ዳርጋ መብዝሕትኦም እዮም። ሰሌዳኦም ካብ ምምራቱ ዝተሳዕለ ተሌፎኖም ፋክሶም፣ ቁ.ሳጥኖጣኦም ኮታ ኣድራሻኦም ብዩኸውን እናጸጋገዐን ንዕድለይ እናበልካን እተንበቦም "ዓሚ ዝሞተ ምራኽ ጸውዕ" ዝዓይኑቶም ውሑዳት ኣይኮኑን። ዘኖሻሙ፣ ዝርዝራዊ፣ ንጹር እዋናዊ ሓበሬታን ኣድራሻን ዘሰፍሩ ገለ ትካላት ድማ በቲ ሓደ ትርኢ'ሞ ናይ ኩሎም ተሓዋዊሱ እቲ ሰሌዳታት ሓብጀረዋይ ይኾኑ።

ብዓንዳ ርእሱ እቲ ናይ ምሕዳሶምን እዋናዊ ሓበሬታ ኣብ ሰሌዳኦም ናይ ምስፋርን ሓላፍነት ንዋናታት ዝምልከት እኳ እንተኾነ እቲ ክተኽሉ ዘፍቀደሎም ኣካል ብወገኑ ክከታተሎም ግቡእ ዘይኮነ ኣይኮነን፣ ሓብጀረዋይ መልክዕ (ትርኢት) ሒዞም እናረኣየም ሱቕ ክንብል ዲዩ ዘለና?

ዝመረተን ዝዘኬሓፍገረን ኮታ ወጅሁ ዝሃደመን ሰሌዳ ጉዚርካ "ፍሉጡናዩ" ምባል ኣይግድን ዘብል ብምኽንያቱ ኣብ ዝኢ ዝከታተል ኣካል መንግስቲ ዝኾነ ገዚዞብ ምእራይ እንተዘይኮይኑ ካልእ ሓሳብ ዘይብሎምን ኣብ ታቤላታቶም ፍጹም ተገዳሰነት ዘየርእዩን ከሕድሶምም ከስገድድ ኣለዎ። እንተዘይኮይኑ ድማ ካብቲ ቦታ ክለቅዎ ክእዘዞም ኣለዎ። እቶም ንምርኣዮም ባህ ዘየብሉ ታቤላታት ንሰም ወዓንቶም ደዊናም ንመልክዕ ከተማን ወሰናስናን ዝድውኑ ከይኮኑ ምክትታል ይግበረሎም።

ከበደም ድራር - ዓዲ ጓዕዳድ

ተማሃራሲ. ደብዳብ ጼጋይ ኣማኑኤል - ደቀምሓረ

ትርኢትን ግና ናብ ከምኡ መደምደምታ ይወስደካ። ክልተ ሽረፍ (ጎደል) ሰለስተ ጎደል ፈደላት፣ ቁጽርታት እትርእየሎም

## ኣብ ዳሳት ዝርብሹ ቢጋሚንዶታት ከይሳዕረሩ

እዚ ዘሎናዮ መርዓውቲ ብስምሰም ዳስ ብከበሮ ሊጋስ ዝምርዓዉሉ እዋን እዩ፣ እቲ ኣብ ሆቴላትን ኣዳራሻትን ዘመርዑ ኣብ ሆቴሉን ኣዳራሹን፣ እቲ ኣብ ገዛውቱ ዳስ ዝተኽል ድማ ኣብ ዝተኸሉ ደቁ የመርዑ ኣብ ዘለወሉ ሓደ ምስ ባህልናን ልምድናን ዝጻረር ተግባራት ብፍላይ ድማ ብገለ ገለ ቢጋሚንዶታት የጋጥም ከይሃለወ ኣይተርፍን ዘሎ። ኣብቲ ኣብ ሆቴላትን ኣዳራሻትን ዝግበር ናይ መርዓ ጽምብላት ዕዱም ካርዱ ከርእይ ስለዘሕተት ጥራይ ዘይኮነ ስለዝግደድ እውን ናብ ማዕጾ ብዘይካ ናይ ዕድመ ወረቐት ዝሓዘ ካልእ ተንከስ ኢሉ ዝቐርብ ሰብ ስለዘየለ ኣብኡ ብዙሕ ዘዝርብ ኣይህሉን። ኣብ ዳስ ግና ብዙሕ ኢኻ እትርኢ።

መንቀሊ. ርእይቶይ ኣብ ገዛውቲ ዳስ ሰሪሕካ ዝግበር ውራያት ንሱብ ጉዳይ መዓልቲ ሓንሶምን ተድላኦምን ናብ መዓልቲ ዕግርግር፣ ሱሓቐም ናብ ብኽያት ዝቕይር ብገለ ገለ ከይተዓደሙ ዝኣትዉ ቢጋሚንዶታት ዝፍጽም ኣጸያፊ ተግባር እዩ። ብመሰረቱ ኣብዚ ግዜ እዚ ወረቐት ዝርኣየ ምእታው ዝዩርኣየ ምኽልካል (ተመለስ ምባል) ተሪፉ እዩ ዘሎ። ምናልባት "ረሲዖሞ ዶ ኾን መጺኦም ይኾኑ፣ ከመይ ኢለ ኸ ተመለሱ ክብሎም እየ" ዝብል ስክፍታ ዘበገሶ ልቢ. ኣዕቢ.ኻ ዝግበር ክኸውን ይኽእል። ኣብቲ ልክዕ ሰብ እዚ ተግባር ትርጉም ክህልዎ ይኽእል እዩ። ኣብዞም ብትርኢቶምን ወጅሆምን ቢጋሚንዶታት ምኻኖም ከተለልዮም ዘይትጽግመሎም ብእከብም ዝንቀሳቐሱ ግና እዚ ኣረኣእያ ቦታ ክወሃቦ ዘለዎ ኮይኑ ኣይስመዓንን። ምኽንያቱ ኢሎም ኢሎም ማሳተ ግልል ውዒሎምን ኣምሲዮምን ዳስ ምሕማሶም ስለዘይተርፎም። ከምቲ ኣብ ቅድሚ ክልተ ሰሙን ኣብ ሓደ ኣብ ገዝኡ ዳስ ተኺሉ መርዓ ዝገበረ ስድራቤት ዝፈጸምዎ እዩ። ኣብቲ ዳስ ከይተዓደሙ ብምእታዉ ዝደረቐ ሚስ፣ ዝተጸምቁ ስዋ በል ኩብልዎ ድሕሪ ምውዓሎም መርዓዊ ናይ ምሸት ናብቲ ስድራኡ ዝተኸልዎ ዳስ ይኣቱ ኣብ ዝበረሉ ህሞት ኣምባጓሮ ተኺሎም ብዳርባ እምኒ ነንሓድሕዶም ክኮራብቡን ደም ክፋሰሱን ተራእዮም። ዕዱም ተጨኒቑ! ዳስ ተሓሚሱ ሰብ ውራይ ጉዳዮም ከይበላሸምም ኩበዶም ሓቂፎም! በቶም ኣብ ማእከል ዳሶም ኮይኖም ኩበዶም ዝመልኡ ወረበላታት! ድሕሪ እቲ ኣምባጓሮ ዝሃድኣሉ ብዙሓት ሕቶታት ክልዕሉ ተሰሚዖም። ብፍላይ ኑቶም ኣብ ኣፍደገ ብምኻን ጋሻ ተቐበል ዝብሉ ዝበሩ "መን ኣእትዩዎም ኢልኩም? ንስኹም እንተዘይ ተእትዉዎም ዳስ ኣይምተሓመሰን እቲ ሽሻይ እውን ንወር በለይ ኣይምኾነን" እናበሉ ዝተማጉቱዎም ውሑዳት ኣይነበሩን። ናይ ዕድመ ወረቐት እናሓተትኩም ከተእትዉ ነይሩኩም ብዘሰምዕ ቃና! ልክዕ እዩ ኣብዚ እቶም ኣብ ኣፍደገ ኮይኖም "ጋሻ ተቐበል" ዝብሉ ኩበሮም ክሕልዉ ኩብሉ ብበቐዓት ዝተሰከምዎ ሓላፍነት ስለዘየተግበርዎ 'ኣልገፌፍ' ክእከቡ ይረኣዩ እዮም። ኣብዚ ሰብ ጉዳይ መን ይምድቡ ኣለዉ ስለዘየለልዩ ከኣ ተተሓዚሖም ምስቶም ዝመደቡዎም ክባላሸዉ ዘይረኣዩ ኣይኮኑን። "ኣደኽን ዶ ንስኽን ትሕሻ ኩለን ሓደ እየን ይሉሓሳ" ከም ወዮ ዝተባህለ። ስለዚ እዞም ከምዚኦም ዓይነት ወረበላታት ብኣጋኡ ተለልዮም መግትኢ. ክግበረሎም ኣዘኻኽር።

*የሴፍ ካምገባሮ*

*ተመሃሪሲ. ደብዳብ - ተከኤ ደባስ (መንደፈራ)*

## እንታይ'ዩ ጉድን?

ኣብ ሃገራዊ ባንክ ኤርትራ ከምኡ'ውን ባንክ ኣባይትን ንግድን ክልተ ተሌቪዥናት ኣለዋ። ከምዝመስለኒ እዘን ተሌቪዥናት ተገልገልቲ ወይ ድማ ሰብ ጉዳይ ዋኒኖም ክሳብ ዘሰልጡ መሳገሊ. ክኾንኦም፣ ዜና ክከታተሉለን ተባሂለን እየን ተተኺለን። ብዝተፈላለየ ጉዳያት ናብዘን ዝተጠቐሳ ባንክታት ኣብ ዝመላለሰሉ ግና ኤሌትሪክ ይሃሉ ኣይሃሉ ብዘየግድስ እዘን ተሌቪዥናት ተወሊዐን ኣይጸንሓንን። ኣብዚ ወርሒ. እዚ ዝኣረገ ገንዘብ ንምቕያር ናብ ሃገራዊ ባንክ ኤርትራ ኣርባዕተ መዓልታት ተመላሊሰ ኣሎኹ። ተሌቪዥን ክትውላዕ ግን ኣይረኣኹን። ኣብ ባንክ ኣባይትን ንግድን እንተኾነ ካብ ዕዳ ናጻ ወረቐት ምስክር ክወሃበኒ ኣብ ዝመላለሰሉ ዝነበርኩ ክትውላዕ ኣይረኣኹን። እንታይ እዩ ጉድን?

ኣብ ሃገራዊ ባንክ ኤርትራ ዘላ ካብኡ ናብኡ ካብታ ኣብ ከባቢ. ባሕቲ መስከረም እትርከብ ህልዉ. ኩነታታ ይሓይሽ። ዝከታተላ ዘለዋ እውን ትመስል፣ ኣብ ጽሬታ ይኹን ኣብ ኣቓማምጣኣ፣ ኣብ ከባቢ. ባሕቲ መስከረም ኣብዘሎ ባንክ እትርከብ ተለቪዥን ግን ኣንቴንያኣ ተገምጢሉ ኮታ ህልዉ. ኩነታታ ኣብ ባህ ዘብል ኣይኮነን። ተባላሺያ እንተኾይና ተዓርያ ስለምንታይ ከምእትውላዕ ኣይግበርን? ዘይተበላሸዋ እንተኾይነን ድማ ዘይውልዓሉ ዘለዋ ምኽንያት ምስ ንተገልጋሊ. ሸለል ምስ ምባል ክውሰድ ስለዝኽእል ካብ ተተኽላ ክሰርሓ ኣለወን ዝብል ርእይቶ ኣሎኒ። እቲ ምንታይ ንሰን ኣብ ዘውልዓሉ ንዘስገለን ተራኡ ንዘደንጎዮን ኣብ ምዝንጋዕ፣ ሓበሬታ ንዘደሊ. ድማ ሓበሬታ ኣብ ምምጋብ ዘይነዓቕ ተራ ስለዘለወን።

*ወለላ ዓሰቡ*

## ዝተቖርጸ ክለዓል ኣለዎ

ሰራሕተኛታት ኣሃዱ ኣትክልትን ዕምባባታትን እግሮም ዘየንብሩላ ከባቢ. የላን። ናውቲ መሳርሒኦም እናተጠቐሙ ዘይተጸልጸለ ክጽልጽሉ፣ ዝወንጨረ ከስተኻኽሉ፣ ንዝቐንቀነ ካብ ሱሩ ክምሕዉ. ብቐጻሊ. ንዕዘቦም ኣሎና። ኣብ ጎደና ሰማእታትን ሓርነትን ክጽልጽልዎም ዝቐነዩ ሰየታት፣ ከባቢ. 2ይ መደበር ፖሊስ ናብ ሓኪም ዓይኒ ዝወስድ ተተኺሎም ዘለዉ. ሸባኻታት፣ ኣብ ጎደና ፈንቅል ከባቢ. ሆቴል ላሊበላ ከምኡ'ውን ኣብ ጎደና ሰማእታት ክምቀሱ ዝጸንሑ ዕምባባታት ህያው ኣብነት እዮም። ዕድሚኦምን ምስቲ ዝሰርሕዎ ስራሕን ፈፊው ዝብሉሉ ሰዓታትን ኣነጻጺርካ ንኢድካ ንነኣዳይ ክትህቦም ሰገጥ ዘብለካ ኣይህልውን።

ንሕጂ ክዛረበሉ ደልየ ዘሎኹ ግና ናይቲ ኣብ ጎደና ፈንቅል ልዕሊ. ሓደ ወርሒ. ኣቢሉ ይገብር ዝተቖርጸ'ሞ ዛጊት ዘይተላዕለ ዘሎ እዩ። ንምምቃሱን ንምቑራጹን መዓልታት ዘይወሰደ፣ ንምልዓሉ ክንድዚ. ግዜ ዝወሰደሉ ምኽንያት ከኣ ክበርሃለይ ኣይከኣለን ዘሎ። ኣብ ጎደና ሰማእታት እውን ከምዚ. ዝኣመሰለ ተርእዮ ብተደጋጋሚ ዘይተዓዘብኩ ኣይኮንኩን። ኣብ ማእከል ተተኺሉ ዘሎ ዕምባባታት መዓልቲ ናጽነት ክልተ ሰሙን ኣብ ዝተረፈሉ ዋላ ደኣ ይመቐስ እምበር ቀልጢፉ ግና ኣይተላዕለን። ልዕሊ. ሰሙን ካብ ናቕፋሃውስ ኣትሒዝካ ክሳብ እቲ ንመዓልቲ ናጽነት ከድምቕ ጎደናታት ክስልምን ከወቅብን ተኣንጊት ተሸብሸብ ዝብል ዝነበረ ቤት ጽሕፈት ኣወሃሃዲ ሸማግለ በዓላት ኣብ ኣፍንጫኡ ተኣኪቡ ነይሩ እቲ ዝተቐርጸ ዕምባባ፣ ነቶም ዝተንጠልጠሉ ስልማታት ሓበላ ኮይኑዎም ምንባሩ ድማ ይዝከረኒ። እቲ ኮይኑ እቲ ጽንብል ሐደት መዓልታት ምስ ተረፎ ዘኽፍእ ከምዝለዓል ተገይሩ።

ሕጂ እውን እንተኾነ ኣብ ጎደና ፈንቅል ተመሳሳሊ. ተርእዮ እዩ ዘሎ። እዚ ምስ ማይ ክራማት ተደባሊቑ ጠስጢሱ ሕማቕ ሽታ ወኒኑ ዝርከብ ኣቑጽልቲ ካልኦት ባልዓትን ጽንጽያታትን ከይዕድም ስግኣት ፈጢሩ ስለዘሎ ኣብ ጥዕናናን ጥዕና ደቅናን ሳዕቤናት ከየኸትል ብዝቐልጠፈ ክልዓል ኣዘኻኽር።

መም/ ሰረቐ የማነ

ኣስመራ

# ኣብ ዝባ ትን

ኣሮን ኪሮስ

## ደብዳቤ ፍቕሪ

### ልክዕነት ርኹብና ኣነጽረለይ

ኣብ ሄዋን

ኣዳመይ ከመይ ቀኒኻ? እግዚኣብሄር ይመስገን ክኸውን መልሰኻ ናይ ወትሩ ጸሎተይ'ዩ ምኽንያቱ እግዚኣብሄር ዘመስግኖ'ዩ ዝፈቱ። ንሕና ድማ ዚያዳ ጽቡቕ ንነብር። ኣዳመይ ሎሚ ሓንቲ ሕቶ'የ ክሓተካ። ሰባት ከም ምኽንና መጠን ኣብ ህይወትና ኣእላፍ ነገራት ኪጋጥሙና ንብር'ዩ። ነንመልክዖም እናራኣና ንዕኦም ክንመስል ድማ ትዕድልቲ'ዩ። ካብዚ ኩሉ ንሓደ ከይመሰልካ፡ ላንጋ-ላንጋ ኴንካ ምንባር ግና እቲ ዝኸፍአ'ዩ።

ኣዳመይ፡ እንታይ ክትብል ደልያዶ ትብል ኣለኻ? ኣብ ጉዕዞ ምቅርራብና ክንጾ ሕውነታዊ ጠመተ ፍቕራዊ ምጥምማት ክህልወና ዝምጾ ዘለበርኩ'ኳ እንተኾነ ደፊረ ክዛረብ ግና በዩናይ ዓቕመይ። እንተ ንስኻ ግና ውሽጣዊ ሓሳባተይ ዘንበብካ እንክትመስል ዝምጾን ዝሃርፎን ዘለበርኩ "ሕቶ ፍቕሪ" ወሰ ኣቢልካለይ። ኣዳመይ ኣይኣመንኩን ብልብኻ ዲኻ ወላሰ.....?

እታ ትማል ድሌታ እናሓብኣት ሕውነታዊ ጸርፌ ትልግሰልካ ዘለበረት መልሓሰይ ሎሚ እንተትርኢያ፡ ሰምካ ንምድማጽ'ውን ዓቀብ ኮይንዋ ኣሎ። እዚ ድማ ርዝነት ኣብ ልዕሌኻ ዘለኒ ልዕሊ ጽዕነት ዝኸበደ ጾር ፍቕሪ ስለ ዝኾነ'ዩ። ኣዳመይ፡ ሰምዒተይ ክሓብኦ ኣብ ዘይክእል ደረጃ'የ በጺሐ ዘለኹ'ሞ ኩነታተይ ኣፒኻ ጥራይ ዝምርኮሰ ምኽኑ ፈሊጥካ ፍቕሪ ከምዘይትነፍገኒ ኣይጠራጠርን። ሕጅ'ውን ከምቲ ዝሓለፈ ኣብ ሕቑፎኻ ኣማሙቕኒ ምቁረይ።

ዝኸበርካ ኣዳመይ፡ ኣብ መወዳእታ ዝብለካ እንተድኣ ኣሎ ኮይኑ፡ ርግጸኛ'ኳ እንተዘይኮንኩ ካብታ ሕቶ ፍቕሪ ኣልዒልካ ዘይደገምካላ መዓልቲ ርኹብና ዛሕቲሉ ክኸውን ከም ዝኽእል'ዩ። ዝኾነ ነገር ብኣፈይ ክገልጾ ዘይክእል ኣብ ውሽጠይ ከም ዘለኒ ግና ርግጸኛ'የ። ስለ'ዚ ኣዳመይ እታ ናይ መወዳእታ መልሰኻ ናይ መወዳእታ ምንባረይ ምኳና ፈሊጥካ ልክዕነት ርኹብና ኣነጽረለይ። ሕውነትዶ ፍቕሪ? መልሰኻ ዝኾነ ይኹን ክሳብ እታ ናይ መወዳእታ ደቒቕ ከፍቕረካ'የ።

ናብ፡ ኣዳም

ር.ዘ ካብ ኣስመራ

## ጠንቅታት ዓለማዊ ዋዒ

### ምውሳኽ ጽፍሒ ባሕሪ

ምውሳኽ ዓለምዊ ዋዒ ክለዓል እንከሎ ዝቐርብ ዛዕባ ኣብ ሰሜናውን ደቡባውን



ምውሳኽ ጽፍሒ ባሕሪ

ክፋል ምድሪ ዘለዉ ኩምራ በረድ ከይመኩ'ዩ። ምምካኽ ናይዞም ኣብ ዋልታታት ምድሪ ናይ ዘለዉ ኩምራ በረድ ከኣ ኣብ ዓለም ንዘሎ ጽፍሒ ማይ ክብ ከብሎ ምኽኑ ኣየካትዕን። እዚ እንተጋጢሙ ብኣማኢት ዝግመታ ከተማታት ዓለም ኣብ ትሕቲ ማያት ክድበያ'የን ማለት'ዩ።

ከተማታት ናይ ምዕልቕላቕ ተርእዮታት ከጋጥመን ምኽኑ ተመራመርቲ ይሕብሩ።



ዕልቕልቕ

### ደርቂ

ኣብ ገለ ክፋል ናይ ዓለም ከኣ ደርቂ ልዕሊ 66% ክድይብ

ዋዒ፡ ሓደጋ ኣብ ልዕሊ ሂወታውያን'ዩ። ክኢላታት ከም ዝሕብርዎ ኣብ 2050፡ ኣብ ዓለም ካብ ዘለዉ 30%

እንስሳታትን ኣትክልትን ክህልዉ ከምዘይኮኑ እዮም ዝሕብሩ።



ደርቂ



ውግእን ጎንጽታትን ሃገራት

### ዕልቕልቕ

ኣብ መላእ ዓለም ከጋጥም ካብ ዝኽእል ምምዝባል ኩነታት ዝናብ'ዩ። ዝናብ ኣብ ገለ ቦታታት ክብ ናይ ምባልን ኣብ ገለ ከኣ ለጠቕ ናይ ምባልን ባህሪ ኣለዎ። በዚ ጠንቂ'ዚ ከም ዝኽእል ክኢላታት ናይ'ዚ ዓውዲ ይዛረቡ። እዚ ኣብ ዓለም ዋሕዲ ናይ ዝስተ ማይን ምውሓድ ሕርሻዊ ንጥፈታትን ከስዕብ ይኽእል።

### ምብራስ ሰነ ሂወታውያን ፍጡራት

ምውሳኽ ዓለምለኻውዊ

### ውግእን ጎንጽታትን ሃገራት

ዓለም እዞም ኣብ ላዕሊ ዝገለጽናዮ ጠንቅታት ከየወገደት ክትከይድ እንተኺኢላ፡ ብሰንኪ ምውሓድ እኹል መግብን ዝስተ ማይን፡ ህዝቢ ዓለም ቀጻልነቱ ንምውሓስ ውግእ ከልዕልን ኣብ ነንሓድሕዱ ክተፋነን ምኽኑ መጽናዕቲ ይሕብር።

## ወርሓትን ዓመትን ኣብ ሕብረተሰብ ኤርትራ

ወርሒ ጥቅምቲ

ጥቅምቲ፡ ካብ ጠቐመ ዝብል ቃል ዝወጸ'ዩ። ካብ መሬት ብዙሕ ጥቕሚ ዝርከበሉ፡ እኽልን ተኽልን ዝምጠወሉ፡ ፍረ ዝፈርየሉ፡ ሰዊት ዝሰውተሉ ጻዕዳ እኽሊ ዝርከበሉ እዋን የመልክት።

ወርሒ ሕዳር

ሕዳር ካብ ሓደረ ዝብል ቃል ናይ ግእዝ ዝመጸ ኮይኑ። ምሕዳር፡ ናብ ውሽጢ ምሕላፍ፡ ምስ ሰብ ምጽጋዕ፡ ተዓሳቢ ምኳን፡ ምንባር፡ ምጽናዕ፡ ምስምማዕ፡ ካብ ዓዲ ወጻኢ ገዛ ምስራሕ፡ ካብ ምሸት ክሳብ ጽባሕ ኣብ ሓደ ቦታ ምሕላፍ'ውን የስምዕ።

"ሕዳር ኣብ ዝደለኻዮ ምሕዳር"

ሕዳር ካብ ኩለን ኣዋርሕ እታ ዝጠዓየትን ዝጸፈፈትን ሕማም ዝጠፍኣላ ወርሒ'ያ። ኣብዛ ወርሒ እዚኣ ቀዳሞት ግራዉቶም ክሕልዉ ኣጓዱ ሰሪሖም ኣብ በረኻ ይሓድሩ ነበሩ። እንተኾነ፡ ግራተይ ኣብሊዕካለይ፡ ቀሚጦይን ኩልሰስተይን ኣድፊርካለይ ተበሃሂሎም ክካሰሱን ህውከት ክኣጉዱን ስለ ዘውርሑ፡ ወርሒ ሕዳር ነገር ኣይፍለያን'ዩ። ነዛ ወርሒ እዚኣ ድማ "ሕዳር መናገሪ ጥሪ መሳኸሪ" ብዝብል ምስላ ይገልጽዋ።

ወርሒ ታሕሳስ

"ታሕሳስ ኣብ ዝኾነ እኽለ ማይ ምፍሳስ"

ኣብዚ ወርሒ'ዚ ኣብ ዝኸድካዮ ገዛ ሸሻይ መሊኡ ከም ልብኻ ብላዕ ስተ'ዩ። ታሕሳስ፡ ካብ ''ሓሰሰ'' ዝብል ቃል ዝወጸ'ዩ። ሓሰሰ ብቛንቋ ግእዝ ኮነ ትግርኛ ደለየ፡ ጸረገ፡ ወልወለ፡ ለመነ፡ ጠየቀ፡ ተፈላሰፈ፡ ፈተወ፡ ኣፍቀደ ከስምዕ ይኽእል። ኣብ ክልቲኡ ቋንቋታት ካልእ ትርጉም እውን ኣለዎ። ታሕሳስ ዝብል ቃል ጣሕሺሹ ቃል ብቓሉ ቀውዒ ተውዲኡ፡ ጉንካ ኣእካል፡ ዓጺድካ ተጠርሹ፡ ሰድራቤት ሓደ ገዛ ጸኒቱ ዝብል የመልክት።

ወርሒ ጥሪ

ጥሪ ዝብል ስም ካብ ጠረየ ዝብል ናይ ግእዝ ቃል ዝወጸ ኮይኑ፡ ነውሐ፡ ቀመተ፡ ወሰኸ፡ ነፈረ፡ ሰማይ ጠንቀረ ዝብል የመልክት። "ጥሪ ዘይኩሪ ዝነበረ ይኹሪ፡ ሓኽሊ ማሕጸ ይኸውን በትሪ"

ዓበይቲ ሰብኡት፡ ኣጓብዝ ኣብ ፈቖዶ ውራይ ዝግኒ፡ ዝሕላ፡ ቅልዋ፡ ቀሚሶም፡ ከርሶም ብሰዋ ብርዚ፡ ብሜስ ምስ ኣተርከሱ ጽጋቦም ምጻር ይሰእኑ።

"ልቢ ዝሓብኦ፡ቡቈሊ ኣውጽኦ" ከም ዝብሃል ከኣ ይፈልጠካ እኳ'የ" "እንድዕላኖኻ" ተባሂሉ ዝተጀመረ እምባጋሮ ናብ ዝኸበደ ይዓርግ።

"ለይቲ ጥሪ ተጠራጥረኒ በለት ጓል ላም"

ንእሽቱ ጓሶት ኣብ ፈቖዶ ጓይላ ደኺሞም ስለ ዝሓድሩ፡ ንኸብቶም ካብ ደንቢኣን ብኣጋ ኣየውጽእወንን እዮም። ግን እቲ ምስላ ንጓል ላም ጥራይ ዝተወሰነ ኣይኮነን። ግዜያቱ ግዜ መርዓ ስለዝኾነ ገለ ሰባት ንጎራዙ ሃንደበት ስለ ዝዝርፍወን'ዩ።

## ኮንክሪት ፍቕሪ

ቅመራስ ይፈልጦ
ቁጽሪ እንክራጉድ
ክውሰኽ ክድርዕ
ፍቕሪ ንኸዝይድ
ደሚሩ ኣርቢሑ
ውጽኢት ከዋልድ፡
እንተ'ዚ ግን
ኣገዞ ዘደንቕ
ፍቕራዊ ረባሕታ
እፎይታ ዘሰንቕ
ምሕዝነት ሰረቱ
ዘይርኽቦ ፈቓቕ
ፍቕሪ ኣብ ርእሲ ፍቕሪ
ብኮንክሪት ምንዳቕ።

ማቴዎስ ኣብርሃ (ባርያ)

# ስፖርት

ኤርምያስ ገብረልዑል
ergh@zena.gov.er

## ግጥማት ኵዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል

ግጥማት ሻምፕዮን ኵዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል ሎሚ ካብ ፍርቂ መዓልቲ ጀሚሩ ብዝካየዱ ግጥማት ክቕጽል ምኳኑ ፌደረሽን ኵዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል ኣፍሊጡ። እቲ ኣብ ድርኩኺት ምዝዛም ዝርከብ ውድድር፡ ሎሚ ሰገን ኮንስትራክሽን ምስ ኣኽርያ፡ ጎዳይፍ ምስ ኣርባዕተ ኣስመራ ከምኡ ድማ ኣባሻውል ምስ ዕዳጋ ሓሙስ ካብ ፍርቂ መዓልቲ ጀሚረን ብዝካይዳኦ ግጥም ክቕጽል እዩ።

ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ዝተኻየደ ግጥማት፡ ደንደን ንማይተመናይ 2ብ0 ክትረትዓ እንከላ፤ ሲቲ ሰንተርን ገዛባንዳን ድማ ሽቶ ከየቑጸራ ካብ ሜዳ ወጺአን። ደንደን፡ ደጀን ትካቦ ከምኡ እውን ቢንያም ክፍላይን ብዘቑጸርወን ሽቶታት እያ ተዓዊታ።

ዛጊት ተመዝጊቡ ዝሎ ደረጃታትን ነጥቢን ምስ እንዕዘቦ፦

| ጋንታታት | ጸወታ | ነጥቢ |
|---|---|---|
| ገዛባንዳ | 17 | 41 |
| ማይተመናይ | 17 | 38 |
| ሲቲ ሰንተር | 17 | 31 |
| ደንደን | 17 | 27 |
| ዕዳጋ ሓሙስ | 16 | 27 |
| ጎዳይፍ | 16 | 22 |
| ኣባሻውል | 16 | 15 |
| ኣርባዕተ ኣስመራ | 16 | 14 |
| ሰገን ኮንስትራክሽን | 16 | 14 |
| ኣኽርያ | 16 | 1 |




## ኣፈወርቂ ብርሃነ ኣብ ኣመሪካ ራብዓይ ወጺኡ

ትማሊ ኣብ ዝጀመረ መበል 15 ዓለማዊ ውድድር ትራክን ፊልድን መንእሰያት ኣትለታት (15th IAAF World Junior Championships)፡ ኤርትራዊ ኣትለት ኣፈወርቂ ብርሃነ ኣብ ውድድር 10,000 ሜተር ደቂ ተባዕትዮ ራብዓይ ደረጃ ሒዙ።

ኣብቲ ልዑል ተወዳዳርነት ተሳቲፍቲ ዝተራእየሉ ውድድር፡ ኣፈወርቂ ነቲ ዝተሰልዓሉ ርሕቀት ብ28 ደቒን 45 ካልኢትን 83 ንኡስ ካልኢትን ብምዝዛሙ እዩ ካብ መደየቢ ሽልማት ንስክላ ክወጽእ ክኢሉ። እቲ ግዜ ድማ ብሉጽ ግዚኡ ኣብቲ ርሕቀት ኮይኑ ተመዝጊቡሉ ኣሎ።

ነቲ ብዓሰርተታት ዝቑጸሩ ኣትለታት ዝተሳተፍዎ ውድድር፡ ኡጋንዳዊ ቾፕተጊ ኪፕሩይ ብ28፡32.86 ግዜ ክዕወተሉ እንከሎ፡ ኬንያውያን ቸቦይን ኮሲምበይን ብ28፡35.20 ከምኡ እውን 28፡38.68 ካልኣይን ሳልሳይን ደረጃታት ብምሓዝ ናብ ናይ ሽልማት መድረኽ ሓዅሮም።

ኣፈወርቂ፡ ኣብ ወርሒ መጋቢት ኣብ ካምፓላ ኣብ ዝተኣንገደ ሳልሳይ ውድድር ጉያ መሮር ኣፍሪቃ፡ ሳልሳይ ደረጃ ብምሓዙ ነሓስ መዳልያ ምውሳዱ ይዝከር።

ኣብቲ ኣብ ኣመሪካ ዝካየድ ዘሎ ውድድር ብዘይካ ኣፈወርቂ፡ ኣብርሃም ጺጋይ ኣብ ውድድር 800ሜ.፡ ጺጋይ ጥዑማይ ኣብ ውድድር 5000ሜ.ከምኡ ድማ ወይኒ ቀላቲ ኣብ ውድድር 3000ሜ. ይሳተፉ ምህላዎም ይፍለጥ።

## ቅንጥብጣብ

= ብጀርመን 7ብ1 ድሕሪ ምርትዓ ሰለሎ ዝኣተዋ ሃገራዊት ጋንታ ብራዚል፡ ሓድሽ ኣሰልጣኒ ቆጺሩ - ንዱንጋ። እቲ 50 ዓመት ዝዕድሜኡ ተጻዋታይ ብራዚል ነበር፡ ኣቐዲሙ ነታ ሃገራዊት ጋንታ (ኣብ 2010 ዋንጫ ዓለም) ይኣሊ ነይሩ። ሕጂ ድማ ንቦታ ፊሊፕ ስኮላሪ ተኪኡ ነታ ሃገራዊት ጋንታ ናብ ውድድር ዋንጫ ዓለም 2018 ብዝበሉጽ ብቕዓት ከምዘብጽሓ ቃል ብምእታው መዝሙ ተረኪቡ ኣሎ። ዱንጋ፡ ኣብ 1994 ብመዝሙት ሓለቓ ጋንታ ምስ ብራዚል፡ ዋንጫ ዓለም፡ ኮፓ ኣመሪካን ዋንጫ ኮንፌደረሽንን ዓቲሩ። ካብ 2006 ክሳብ 2010 ነታ ሃገራዊት ጋንታ ኣብ ዝኣለየሉ እዋን ድማ 60 ግጥማት ኣካይዱ። እንተኾነ ጋንታኡ ኣብ ግጥም ርብዒ ፍጻመ ዋንጫ ዓለም ብሆላንድ ድሕሪ ዝገጠማ ስዕረት መዝሙ ከረክብ እዩ መሪጹ። ኣብ መስከረም ንሓደሽቲ ተጻወትቲ መሪጹ ምስ ኮሎምብያ ግጥም ክካይድ መዱቡ ዘሎ ዱንጋ፡ ቀጺሉ ምስ ኤኳዶርን ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን እውን ግጥማት ምሕዙት ተሰሪዑሉ ኣሎ።

= ባርሲሎና ንጀረሚ ማቲው ብ20 ሚልዮን ዩሮ ካብ ቫለንስያ ክትገዝእ ምስምምዓ ንበዙሓት ኣዛሪቡ። እቲ ወዲ 31 ዓመት ተኸላኻሊ፡ እዚ መጠን ገንዘብ ከምዘይግብኦ እኳ እንተተገልጸ ምስጊጋሩ ክውን እንተደኣ ኮይኑ ድማ ዝኸበረ ተኸላኻሊ (ልዕሊ 30 ዓመት) ኮይኑ ምስ ብሉጻት 10 ተጻወትቲ ክውረወሰን ክሕዝ እዩ።

= ብኣርሰናል ተጠሚቱ ዝነበረ ኣልቫሮ ሞራታ፡ ኣብ ልምምድ ናይ ብርኪ መጉዳእቲ ገጢምዎ። እቲ ሓድሽ ተጻዋታይ ጁቬንቱስ ብ15.8 ሚልዮን ፓውንድ እዩ ካብ ሪያል ማድሪድ ተሰጊሩ። እቲ ወዲ 21 ዓመት ክሳብ መዓስ ካብ ጸወታ ከምዝርሕቕ ብንጹር እኳ እንተዘይተሓበረ ንዘስዕብ ሳምንታት ግና ካብ ልምምድ ከምዝርሕቕ ክለቡ ተፍልጥ።

ጁቬ 6 ኑሓሰ ኣብ ኢንዶነዥያ ግጥም ምሕዙት ክተካይድ መደብ ኣለዋ።

= ሓደ እዋን ኣብ ባርሲሎና ቅድሚ ዛላታን ኢብራሂሞቪችን ቴሪ ሆንሪን ዝተሰርዐ ቦጃን ከርኪክ ናብ ስቶክ ተሰጊሩ ኣሎ። ኣብዚ ናይ ምስግጋር ተጻወትቲ ወቕቲ ሓሙሻይ ተጻዋታይ ኣብ ስቶክ ኮታሙ ዝነበረ ከርኪክ፡ ንኣርባዕተ ዓመት ክጻወት እዩ። ቦጃን ኣብ ባርሲሎና ኣብ ዝነበረሉ እዋን ኣብ መበል 17 ዓመትን 54 መዓልታትን ኣብ ሰኪዔት ቪያሪያል ሽቶ ብምምዝጋቡ ዝሓሰ ተጻዋታይ ባርሲሎና ሽቶ ዘቑጸረ ተባሂሉ ክውረወሰን ክሕዝ ክኢሉ እዩ።

= ናብ ካልእ ክለብ ክይሰጋገር ብኽለቡ ማን ሲቲ ክንክን ዝተዋደሉ ዘሎ ሰርጂ ኣጉዌሮ ልዕሊ 200,000 ፓውንድ ንሰሙን እናተኸፍሎ ኣብ ሜዳ ኢትሓድ ክጸንሕ ቢታ ክለብ ጻውዒት ቀሪቡሉ። ንሱ ክሳብ 2019 ኣብታ ክለብ ንኽጸንሕ 52 ሚልዮን ፓውንድ ጉንያ እውን ክወሃብ ካብታ ክለብ ይግለጸሉ ኣሎ። ክሳብ 2017 ምስ ማንሲቲ ዘጸንሕ ውዕል ዘለዎ ኣጉዌሮ፡ ዝሓለፈ ዓመት ስፖርት 23 ጸወታታት ኣካይዱ 17 ሽቶታት ድማ ኣመዝጊቡ። ምስታ ክለብ ድማ ዘውዲ ሻምፕዮን ደፊኡ።

= ተኸላኻሊ ክለብ ቶሉስ - ሰርጅ ኣውሪረ ናብ ክለብ ፓሪስ ሴንት ጀርማይን ተሰጊሩ። እቲ ተወላዲ ኮትዲቫር ኣቐዲሙ ብኽለብ ኣርሰናል ይህደን ነይሩ - መተካእታ ናይቲ ናብ ማን ሲቲ ዝተሰጋገረ ባካሪ ሳኛ ኽኸውን። ዛጊት ኣውሪረ ዝተሰጋገረሉ መጠን ገንዘብ ብወግዒ እኳ እንተዘይተገልጸ ኣስታት 10 ሚልዮን ዩሮ ከምዝወደአ ግን ይንገር። ምስ ሃገራዊት ጋንታ ኮትዲቫር ኣብ ብራዚል ዝቐጸ እቲ ተኸላኻሊ፡ ጋንታኡ ንጃፓን 2ብ1 ኣብ ዝሰዓረትሉ ግጥም ንኽልቲኣን ሽቶታት ምህንዳሱ ይፍለጥ።

## መስመር ምጥቃዕ ሪያል ማድሪድ፡ ድሕሪ ሮድሪገዝ 275 ሚልዮን ፓውንድ ተተሚኑ

ሃብታም ክለብ ሪያል ማድሪድ ዓይና ንዘውደቐትሉ ተጻዋታይ ኣብ ሕቑፉ ካብ ምእታው ዝዓግታ የለን - ሳላ እቲ እተውጽኦ ዘይተኣደነ መጠን ገንዘብ። ክርስትያኖ ሮናልዶ፡ ጋረዝ በይል . . . ወዘተ ክውረወሰን ብዝሓዘ መጠን ገንዘብ ዝተሰጋገሩ ተጻወትቲ እታ ጋንታ እዮም። ብቕድሚ ትማሊ ድማ ንኮሎምብያዊ ጀምስ ሮድሪገዝ ብ60 ሚልዮን ፓውንድ ብምጥዛኣ፡ እቶም ናብ ቅድሚት ዝውርወሩ ተጻወትታ ተመናም ናብ 275 ሚልዮን ፓውንድ ኩተብጽሖም ክኢላ ኣላ። እዚ መጠን ገንዘብ ግን ነታ ጋንታ ናይ ሃገሩ ኤውሮጳን ዓለምን ክብራ ደጊሙ ይዕቅበላ ዶ ይኽእል?

ዝሓለፈ ዓመት ስፖርት ጽዋእ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ብምልዓል ንልቢ ደገፍታ ዝመለሰት ማድሪድ፡ ኣብ ናይ ውሽጢ ሃገር ውድድራ ግን ብቕዓታ ነክዩ እዩ ቀሪቡ። ነታ ዘውዲ ድማ ዘይ ከም ካልእ እውን ባርሲሎና ዘይኮነ ቢታ ናይ ኩተማኣ መቐናቕንታ ዝኾነት ኣትሌቲኮ ምውሳዱ ድማ ነቶም ደገፍቲ ዘቕሓረ ታሪኽ ኮነ። ኣህርመት ልቢ ደገፍቱ ዝሰምዐ ፕረዚደንት እታ ጋንታ ፍሎረቲኖ ፕረዝ ድማ ኣብዚ ናይ ምስግጋር ተጻወትቲ ወቕቲ ተጻወትቲ ኣብ ምሽማት ተጸምደ። ዋንጫ ዓለም ምስ ጀርመን ዘልዓለ ክሮስ ከምኡ እውን ብዘቑጸረን ብዝሒ ሽቶታት ብሉጽ ኣመዝጋቢ ሽቶ ዋንጫ ዓለም 2014 ከምኡ እውን ዝበለጸት ሽቶ ናይቲ ውድድር ንዘመዝገበ ጀምስ ሮድሪገዝ ኣፈረመ። ጀምስ ቡቲ ዝወጸሉ መጠን ገንዘብ ብደረጃ ምስግጋር ተጻወትቲ ራብዓይ ደረጃ (ጋረዝ በይል 80 ሚልዮን፡ ክርስትያኖ ሮናልዶ 80 ሚልዮን ከምኡ ድማ ተጻዋታይ ባርሲሎና ዝኾነ ሉዊስ ስዋረዝ 75 ሚልዮን) ክሕዝ እንከሎ፡ ንሽዱሽተ ዓመት ድማ ኣብ በርናቡ ክርህጽ እዩ።

ዝኾነ ኮይኑ፡ ንከም ቶኒ ክሮስ ብ24 ሚልዮን ፓውንድ ከምኡ እውን ካሪም በንዘማ ብ30 ሚልዮን ፓውንድ ንዝኣመሰሉ ተጻወትቲ ምስ ከም ሮናልዶን በይልን ዝሓቖፈ መስመር ምጥቃዕ ሕጂ ንጀምስ ምውሳኹ ኣብታ ጋንታ ሓያል መስመር ምጥቃዕ ከምዝፍጠር ንጹር እዩ። እንተኾነ፡ "እታ ጋንታ ኣብ ወህደት እዞም ተጻወትቲ እንታይ ዓይነት ሜላ እያ ክትጥቀም?" ዝብል ሕቶ እውን ኣካታዒ እዩ ዘሎ። ብዙሓት ወገናት ሪያል ማድሪድ ዋላ'ኳ ንዓብይቲ ተጻወትቲ ዓለምና ኣብ ሕቑፉ እንተእተወት፡ ኑብለልነታ ግን ሚእቲ ካብ ሚእቲ ከምዘይተረጋገጸ እዮም ንምገቱ። ውህደት፡ ንምልያ ዝደምዩን ካልእን ድማ ኩተቐድም ይምዕዱ። ንሶም፡ ኣርባዕተ ግዜ ተዓዊቲት ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ዝኾነት ሆላንዳዊት ክለብ ኣያክስ ኣምስተርዳም ኣብ ናይ 114 ዓመት ታሪኻ፡ ተጻወትቲ ንምዕዳግ ዝኸፈለቶ መጠን ገንዘብ 183 ሚልዮን ፓውንድ ጥራይ ምኳኑ ብምዝካር ድማ እዚ መጠን ገንዘብ ሰር በተኻዊ ለውጢ ኣብታ ጋንታ ከምዘየምጽእ ብምእማት 'ጽላለ' ክብሉ ድማ ይስምዑ።

ዝኾነ ኮይኑ ብጺጋማይ እግሩ ኵዕሶ ዝመልኽ ጀምስ ሮድሪገዝ፡ ምስ ናይ ቅድም ክለቡ ሞናኮ ኣብ ዝጸንሓሉ እዋን 38 ጸወታታት ኣካይዱ (ኣብ ኩሉ ውድድር ምኳኑ እዩ)፡ 10 ሽቶታት ድማ ኣመዝጊቡ።

ጀምስ ሮድሪገዝ፡ 12 ሓምለ 1991 ተወሊዱ። ካብ 2007 ክሳብ 2008 ምስ ክለብ ኤንቪጋዶ ተጻዊቱ። 30 ጸወታታት ኣካይዱ ትሽዓተ ሽቶታት ድማ ኣመዝጊቡ። ክሳብ 2010 ምስ ባንፊልድ ኣብ ዝጸንሓለን እዋናት 42 ግጥማት ኣካይዱ ሓሙሽተ ሽቶታት ኸኣ ኣቑጺሩ። ካብ 2010 ክሳብ 2013 ምስ ፖርቶ ተጻዊቱ። ኣብ 63 ጸወታታት ድማ 25 ግዜ ንልዳት ኣንጻር ጋንታኡ ደፊሩ። ክሳብ ብቕድሚ ትማሊ ኣብ ዝጸንሓላ ክለብ ሞናኮ ድማ 34 ጸወታታት ኣካይዱ፡ ትሽዓተ ሽቶታት ኸኣ ኣቑጺሩ። ካብ 2011 ጀሚሩ ምስ ሃገራዊት ጋንታ ኮሎምብያ ዝተጻወተ ሮድሪገዝ 27 ጸወታታት ኣካይዱ፡ 11 ሽቶታት ኸኣ ኣመዝጊቡ።

### 10 ነጥብታት ብዛዕባ ጀምስ ሮድሪገዝ

= ስድራቤት ጀምስ ሮድሪገዝ ኣድናቕቲ ፍሉጥ ተዋስኣይ ጀምስ ቦንድ እዮም። እቲ ተጻዋታይ ዋላ'ኳ ስሙ ሩቢዮ ተባሂሉ እንተተጸውዐ፡ እቲ ግሉን ስም ዘለዎ ተዋስኣይ ኣቓልቦ ናይቲ ስድራ ብምስሓቡ፡ ስም ወዶም ናብ ጀምስ ክርዕም ከምዝገደደ ይግለጽ።

= ጀምስ ኣብ ግዜ ንእስነቱ፡ ኤንቪጋዶ ናብ እትብሃል ቁሸት እናኸደ እዩ ጸወታ ኵዕሶ እግሪ ይጻወት ዝነበረ። እታ ቁሸት ድማ ካብታ ጀምስ ዝነበረላ ከተማ ዝተባህለት ዓዲ 12 ኪሎሜተር ርሒቓ ትርከብ። ኢንቪጋዶ ንከም ፍረዲ ጋሪን፡ ዶርላን ፓቦንን ያን ኵንተሮን ዝኣመሰሉ ተጻወትቲ ዘፍረየት እያ።

= ኣብ ግዜ ንእስነቱ ወታእታእ ዝብል ጀምስ፡ ብተደጋጋሚ ናብ ቴራፒስት ብምኻድ ክሕከም ፈቲኑ እዩ። ክሳብ ሕጂ ድማ ወታእታእ ከምዘይገደፎ ይሕበር።

= ጀምስ ንኽልተ ሰባት የድንቕ። ንኣቱራን ክርስይታኖ ሮናልዶን። ኣቱራ ቀንዲ ገጸባህሪ ናይቲ ንጃፓን ዋንጫ ዓለም ከዕትር ዘዘንቱ መጽሓፍ ኮይኑ እቲ ካልኣይ ድማ ኣብዚ ሕጂ እዋን ወዲ ጋንታኡ ኮይኑ ዘሎ ክርስትያኖ ሮናልዶ እዩ።

= ጀምስ ንክለብ ሪያል ማድሪድ ዝፈቱ እኳ እንተኾነ፡ ኣብ ግጥም ኤልክላሲኮ ግን ስምዒቱ ከምዝፈራረቕ ሓደ እዋን ተዛሪቡ ነይሩ።

= ካብ ግዜ ንእስነቱ ቁጽሪ 10 ማልያ ምውዳይ ዝመርጽ ጀምስ፡ 'ኢል ዴዝ' (እቲ ቁጽሪ 10) ዝብል ቅጽል ነይርዎ።

= እቲ ኮኾብ ተጻዋታይ ኮሎምብያ ብዓል ሓዳርን ኣቦ ክልተ ቆልዑን እዩ። ብዓልቲ ቤቱ ዳኒኤላ ኦስፒና ሓፍቲ ንወዲ ጋንታኡ (ኣብ ሃገራዊት ጋንታ ምኳኑ እዩ) ዴቪድ ኮትከውን እንከላ፡ ንዘኽሪ እንተን ክልተ ደቁ ንዝተወቀጠ ምስሊ፡ ብዙሕ ግዜ ሽቶ ድሕሪ ምምዝጋቡ ብምስዓም ድማ ይጽንብል።

= ኣብ 2009፡ ጀምስ፡ ኣብ ናይ ኣርጀንቲና ሊግ፡ ዝሓሰ ተጻዋታይን ኣመዝጋቢ ሽቶን ነበረ። ድሕሪ ዓመት ድማ እቲ ቀዳማይ ወጻእተኛ ኣብ ሊግ ኣርጀንቲና ዝተዓወተ ኮነ። ኣብ ብራዚል ኣብ ዝተኣንገደ ዋንጫ ዓለም ድማ ሽዱሽተ ሽቶታት ብምምዝጋቡ ክውረወሰን ብዝሒ ሽቶታት ሃገሩ ኣብቲ ውድድር ክሕዝ ክኢሉ ኣሎ።

= ወሓለ ኣጋር ዝተዓደለ ጀምስ፡ ኣብ ኣካዳምያዊ ትምህርቲ እውን ሰናፍ ኣይኮነን። ኣብ ዩኒቨርሲዳድ ናሽናል ኣቤርታ ብምህንድስና እውን ተመሪቑ እዩ።

= ጀምስ፡ ብዘይካ ጸወታ ኵዕሶ እግሪ፡ ብዓውዲ ስፖርት ኵዕሶ ሰኪዔት እውን ምስ ተመሰጠ እዩ። ንሱ ንሊብራውን ጀምስ ድማ የድንቕ።



ብርሃነ ምሕረትኣብ

# ሩስያ ኣብ ምውቃዕ ነፋሪት ማለዥያ ኢድ ከምዘይብላ ኣመሪካ ገሊጻ

ሩሲያ፡ ኣብ ምውዳቕ'ታ ብቑጽሪ በረራ 17 ተመዝጊባ ዝበረት ነፋሪት ማለዥያ ቀጥታዊ ኢድ ከምዘለዋ ዘረጋግጽ ዝኾነ መርትዖ ክረኽቡ ከምዘይካኣሉ ላዕለዎት ሰብኡማዚ ስሊያ ኣመራጎ ገሊጾም። ኮይኑ ግን እቲ ሓደጋ ወጽኢት ናይ'ቲ ሩሲያ ኣብ ጉዳይ ዩክሬን ትኽተሎ ዘላ 'ግጉይ' ዝበልዎ ፖሊሲ ምኳኑ ኣብ መግለጺኦም ሓቢሮም።

ብመሰረት ጸብጻብ ኣሶሽትድ ፕረስ፡ እቶም ሰበሰልጣን ዝ. መግለጺ ዝሀቡ ዘለዉ ምምሕዳር ኦባማ - ሩሲያ ኣብ ምውዳቕ'ታ ነፋሪት ቀጥታዊ ኢድ ከምዘለዋ ዘመልክት ክሲ ኣብ ዘሰማዕሉ ዘሎ እዋን'ዩ። ትካላት ስሊያ ኣመራጎ፡ ሩሲያ ንቶም ኣብ ምብራቓዊ ክፋል ዩክሬን ዕጥቃዊ ተቓውሞ ኣለዓዒሉም ዘለዉ ጉጅለታት ዘመናዊ ኣጸዋር ተዕጥቆም ምህላዋ'ኳ ከረጋግጹ እንተኻኣሉ፡ እቲ ነታ ነፋሪት ወቒዑ ዘውደቐ ሚሳይል ግን ካብ ሩሲያ ከምዝተተኰሰ ዘርኢ ጭብጢ ብፍጹም ክረኽቡ ኣይካኣሉን ዘለዉ - ብመሰረት'ቶም ኣሶማትዮም ክጠቕሱ ፍቓደኛታት ዘይኮኑ ሰበስልጣን።

መብዝሕትኦም ሆላንዳውያን ጊያሾ ዝኾኑ 298 ሰባት ኣሳፊራ ናብ ኩዋላምፑር ተምርሕ ዝበረት ነፋሪት ማለዥያ፡ ኣብ ክሊ-ኣየር'ቲ ተቓወምቲ ዩክሬን ዝቈጻጸርዎ ዘለዉ ከባቢ ምስ በጽሐት'ያ እቲ ሓደጋ ኣጋጢምዋ። ህይወት ኩሎም ተሳፈርታ ለኪማ ደማ ተሓምሺሹ።

ክኢላታት ከምዝሕብርዎ ዘለዉ፡ እታ ነፋሪት ካብ መሬት ናብ ኣየር ብዝወንጨፍ 'ኢሰኤ-11' ዝተሰምየ ምዕቡል ሚሳይል ተወቒዓ ክትከውን ከምእትኽእል ልዑል ግምት ኣሎ። ከምኡ ዓይነት ሚሳይል ንዩክሬን ከም ዘይብላ ዘመልከቱ ላዕለዎት ሰበስልጣን ስሊያ ኣመራጎ ብወገኖም፡ ተቓወምታ ካብ ሩሲያ ብሓገዝ ምስ ረኸብዎ ብጌጋ ተኹሶምላ ክኾኑ ከምዝኽእሉ ይሕብሩ።

ንሱ'ቶም ወሲኾም፡ ነቲ ሚሳይል ንምትኳስ ረቒቕ ስልጠና ከምዘድሊ ድሕሪ ምጥቃሶም "ግድን ሩሲያ ኣሰልጢናቶም ክትከውን ኣለዋ። እንተዘይኮይኑ ድማ ንዕኡ ዝትኩሱ ክኢላታት ልኢኻ ነቲ ትራጀዲ ፈጺማቶ ክትከውን ትኽእል'ያ። ብምባል ሓላፍነት ናይ'ቲ ሓደጋ ሩሲያ ምኳና ይእምቱ።

ሰበስልጣን ሩሲያ ብወገኖም፡ ዩክሬን ንተቓወምታን ሩሲያን ብምሕባረሰብ ዓለም ኣኾኒና ኑቲ እተካየዶ ዘላ ኩናት ዘዐወት ምሉእ ኣህጉራዊ ደገፍ ንምርካብ ክትብል ነታ ነፋሪት ደይ መደይ ኢላ ተኩሳ ኣውዲቓታ ክትከውን ከምእትኽእል'ዮም ዝሕብሩ ዘለዉ። ኣብቲ ጉዳይ ውዲት ኣመራጎ'ውን ክህልዎ ከምዝኽእል ከኣ ወሲኾም የረድኡ።



እዚ ኮይኑ እቲ፡ ሻርነት ዘይብሉ ኣህጉራዊ መርማሪ ቀይማ ኑቲ ሓቂ ክሳብ መርማሪ እትረኽቡ፡ እታ ነፋሪት ብመን ተወቒዓ ዝብል ሕቶ ኣካታዒ ኮይኑ ክቕጽል ምኳኑ ተዓዚቦቲ የረድኡ።

ጸብጻብት ከምዝሕብርዎ፡ ተቓወምቲ ዩክሬን ኣንጻር'ቲ ብኣመራጎን ሃገራት ኤውሮጳን ዝድገፍ ግዚያዊ መንግስቲ ድሕሪ ዘበስዎ ዕጥቃዊ ቃልሲ፡ ዛጊት 12 ወታሃደራውያን ነፈርቲ'ታ ሃገር ወቒዖም ከውድቑ ክኢሎም ኣለዉ። እዚ ከኣ ኣብቲ ኣዋርሕ ኣቑጺሩ ዘሎ ውግእ ላዕለዋይ ኢድ ሒዞም ይቕጽሉ ከምዘለዉ ዘመልክት ምኳኑ እዮም ጸብጻብት ወሲኾም የመልክቱ።

# ቁልዑ ክሽጣ ዝተረኽባ ኣንስቲ ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን ኒጀር

ሰብኡማዚ ጸጥታ ኒጀር፡ ንህጻናት ከም ተራ ኣቕሓ ናብ ጸለም ዕዳጋ እናውረዱ ብገዝዞብ ክሸጡን ክልወጡን ከምዝጸንሑ ንዝገለጽዎም 17 ሰባት ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከምዝኣተዉ ተገሊጹ።

ብመሰረት ጋዜጣ ዘ ጋርዲያን፡ ዝበዝሑ ካብኣቶም ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣትዮም ዘለዉ ሰባት ኣንስቲ ላዕለዎት ሰበሰልጣን'ታ ሃገር እዮም። በዓልቲ-ቤት ሚኒስተር ሕርሻ፡ በዓልቲ ቤት ኣፈ-ጉባኤ ባይቶ፡ በዓልቲ ቤት ዳይረክተር ማእከላይ ባንክን በዓልቲ ቤት ኣዛዚ ፖሊስን ድማ ገለ ካብኣተን ምኳነን ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ።



ንሳተን፡ ካብ ናይጀርያን ካልኦት ጎረቤቲ ሃገራትን ብዝተፈላለዩ ጉጅለታት ተጨውዮም ንዝመጹ ናጽላታት ተቐቢለን ናብ ጸለም ዕዳጋ እናውረዳ ዘይተኣደነ መኽሰብ ኣብ ምኽዕባት ተጸሚደን ከምዝጸንሓ'ዩ ዝገለጽ ዘሎ።

ጸብጻብ ጋዜጣ ዘ ጋርዲያን ከምዝጠቕሶ፡ እተን ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣትየን ዘለዋ ኣንስቲ ላዕለዎት ሰበስልጣን ኒጀር፡ ምስተን ኣብ ናይጀርያ ዝመደበረን ብዕሉላት ኣሰጋገርቲ ደቂ-ኣዳም ዝወሃ ትካላት መፍረ-ህጻናት ማለት ደቂ-ኣንስትዮ እናጨወያ ኣብኡ ብሓይሊ ከምዝጠንሳን ናጽላታተን ካብ ሕቑፍኦን ተመንዚዖም ንመሸጣ ናብ ጸለም ዕዳጋ ከምዝወርዱ ዝኑበራን ትካላት ጥቡቕ ናይ ረብሓ ምትእስሳር ከምዝጸንሓ'ውን ክረጋግጽ ተኻኢሉ ኣሎ።

ጸብጻብት ከምዝሕብርዎ፡ ውላድ ዘይብሎም ወጻእተኛታት መጸምድቲ ብዘይሕጋዊ መገዲ ቈልዑ ንምሽማት ብብዝሒ ናብ ናይጀርያ፡ በርኪናፋሶን ቤኒንን ይወሕዙ።

ኣብ ጸለም ዕዳጋ ንሓደ ናጽላ ካብ 4,600 ዶላር ክሳብ 9 ሽሕ ዶላር ከፊሎም ቅድሚ ምዕዳጎም ድማ እቲ ናጽላ ውላዶም ምኳኑ ዘረጋግጽ ናይ ሓሶት ሰርቲፊኬት ክስራሓሎም ይሓቱ።

በዚ ምኽንያት ኣብተን ሃገራት መሸጣ ናጽላታት ኣገዳሲ ኣኽሳቢ ንጥፈት እናኾነ ይኸይድ ስለ ዘሎ፡ ኣብ ካልእ ገበናት ተዋፊረን ዝጸንሓ ሓያለ ጉጅለታት እናተጸንበርኦ ይኸዳ ምህላወን ይግለጽ።

ናብራ ዝሓሰመን ኑበሱጸራት ከምኡ ድማ ብጹታዊ ዓመጽ ጥንሲ ዘጋጠመን ሓያለ ናይጀርያውያን'ውን ዕሸለን ገና ኣብ ከብደን እንከሎ ከይተረፈ ንኽሸጥኦ ዋጋ-ዕዳጋ ከምዝዝሩበራሉ እዮም ጸብጻብት ወሲኾም የመልክቱ።

# ሆላንድ 10ታት ሬሳታታ ትቕበል

ሆላንድ ዝሓለፈ ሰሙን ብሓደጋ ነፋሪት ኣብ ዩክሬን ናይ ዝሞቱ ዜጋታታ ሬሳ ክትቕበል ጀሚራ። ብመሰረት ቢ.ቢ.ሲ፡ ካብቲ ሓደጋ ዝተኣርየ ሬሳ ናይ 50 ኔዘርላንዳውያን ደሮ ብነፋሪት ናብታ ሃገር ኣትዩ ኣሎ። ሬሳ ናይ ዝተረፉ 40 ሆላንዳውያን ግዳያት ከኣ ብኻልኢይቲ ነፋሪት ደስዕብ ምህላዉ ይግለጽ።

ሰበስልጣን ሆላንድ ከምዝሕብርዎ፡ ግዳያት መንነቶም ንምፍላጥ ናይ ዲ.ኤን.ኤ መርመራ ክካየደሎም እዩ፡ መንነቶም ምስተለለየ ከኣ ክቕበሩ እዮም።

ኣመራጽን ሓያለ ሃገራት ኤውሮጳን፡ ነፈርተን ናብ እስራኤል ከይበራ ኣጠንቂቐን። እተን ሃገራት ዝ. መጠንቀቕታ ዘመሓላለፋ ዘለዋ፡ ሓማስ ግብረ-መልሲ ናይ'ቲ እስራኤል ኣብ ልዕሊ ወሽመጥ ቃዛ ብመሬት፡ ብባሕርን ብኣየርን እተካይዶ ዘላ ደብዳብ ምኳኑ ዝገለጾ ሮኬታት ብብዝሒ ናብ ወሸጢ እስራኤል ይውንጭፍ ብምህላዉ'ዩ። ኣብዚ ሰሙን'ዚ ሓያለ ካብኡ ዝወንጨፎም ሮኬታት ኣብ ጥቓ ኣህጉራዊ መዓርፎ-ነፈርቲ ቴል-ኣቪቭ ድሕሪ ምውዳቖ ድማ ሓያለ ናብታ ሃገር በረራ ዘካይዳ ዝበራ ነፈርቲ ብድሕሪኦን ክስጉኣ ከምዝጀመራ ይግለጽ። እዚ ሕጂ ብኤውሮጳን ኣመራጽን ተወሲዱ ዘሎ ስጉምቲ ድማ እታ ሃገር ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ንኽትቅበል ዘሰገድድ ከበድ ጸቕጢ ክፈጥረላ ከምዝኽእል ይሕብር ኣሎ።



## ዜና ብሓጺሩ

ንልዕሊ ሰለስተ ወርሒ ብፖሊስ ደቡብ ኮርያ ክህደን ዝጸንሐ ወናኒ ናይ'ታ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሚያዝያ ህይወት 304 ሰባት ለኪማ ዝጠሓለት መርከብ ሞይቱ ተረኺቡ። በዚ ድማ እቲ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ንምእታዉ ብኣሽሓት ኣባላት ፖሊስ'ታ ሃገር ክካየድ ዝጸንሐ ስርሒት ከምዝኸተመ እቲ ብኣሶሽትድ ፕረስ ዝዝርግሐ ዜና የመልክት።

እቲ ዩ ብዩንግ-ኢዩን ዝተባህለ ወዲ 73 ዓመት ሚልዮነር፡ ኣብ ኣፍ-ደገ 'ሳንቺዩን' ዝተባህለት ከተማ'ዩ ሞይቱ ጸኒሑ። ጠንቂ ሞቱ ኑበሱቅትሉት ክኸውን ከምዝኽእል ከኣ ይግለጽ ኣሎ። ንሱ፡ ድሕሪ'ቲ ዘጋጠመ ዘሰቅቕ ሓደጋ ብገበን ከይሕተት ብምስጋእ ተሰዊሩ ከምዝጸንሐ'ዩ ዝንገረሉ።

***

ኣመራጽን ሓያለ ሃገራት ኤውሮጳን፡ ነፈርተን ናብ እስራኤል ከይበራ ኣጠንቂቐን። እተን ሃገራት ዝ. መጠንቀቕታ ዘመሓላለፋ ዘለዋ፡ ሓማስ ግብረ-መልሲ ናይ'ቲ እስራኤል ኣብ ልዕሊ ወሽመጥ ቃዛ ብመሬት፡ ብባሕርን ብኣየርን እተካይዶ ዘላ ደብዳብ ምኳኑ ዝገለጾ ሮኬታት ብብዝሒ ናብ ወሸጢ እስራኤል ይውንጭፍ ብምህላዉ'ዩ።

ኣብዚ ሰሙን'ዚ ሓያለ ካብኡ ዝወንጨፎም ሮኬታት ኣብ ጥቓ ኣህጉራዊ መዓርፎ-ነፈርቲ ቴል-ኣቪቭ ድሕሪ ምውዳቖ ድማ ሓያለ ናብታ ሃገር በረራ ዘካይዳ ዝበራ ነፈርቲ ብድሕሪኦን ክስጉኣ ከምዝጀመራ ይግለጽ።

እዚ ሕጂ ብኤውሮጳን ኣመራጽን ተወሲዱ ዘሎ ስጉምቲ ድማ እታ ሃገር ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ንኽትቅበል ዘሰገድድ ከበድ ጸቕጢ ክፈጥረላ ከምዝኽእል ይሕብር ኣሎ።

| በዓል ተራ ቤት መድሃኒት፡- | ዕለት | ኣድራሻ | | ቍ.ስልኪ |
|---|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ፋሚሊ | 24/07/2014 | ደና 1956 ከባቢ፡ ባሕቲ መስከረም፡ ላዕለዋይ ማዕ | ኂ ቤት መግቢ ሊባኖስ | 110740 |
| ፋርማሲ ቍ.1 ብዘይካቲ መዓልታዊ እትህቦ ኣገልግሎት ምሉእ ለይቲውን ክፍትቲ ኢያ፡ | | ኣድራሻ፡ ዞባ 1 ንኡስ ዞባ 02 | . ናቕፋ ቍ.1፡ | 127565 |